ረቡኒ

አዳላዊ ዲያቆን አሸናፊ መኮነን

ትርጉም ዲያቆን ክብሮም ገብረኪዳን

መሰል ደራሲ ብሕጊ ዝተሓለወ እዩ !

መሰል ተርጓሚ ብሕጊ ዝተሓለወ እዩ !

1ይ ሕታም ሚያዝያ 2002 ዓ.ም (ግ.ዝ)

2ይ ሕታም ጥቅምቲ 2003 ዓ.ም (ግ.ዝ)

3ይ ሕታም ታሕሳስ 2008 ዓ.ም (ግ.ዝ)

ጽሑፋትና ኣብዚ ዝስዕብ ናይ መራኸብ ብዙሃን ኣድራሻና ክትረኽቡዎ ትኽእሉ ኢኹም ፥

http ://ashenafimekonen.blogspot.com

ትምህርትና ኣብ ዩቲዩብ ንምርካብ በዚ ዝስዕብ መራኸብ ብዙሃን ኣድራሻ ተወከሱ http://www.youtube.com/user/stGebrielTechGroup

ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ትነብሩ ኣሕዋትና ስብከትና ብሬድዮ ንምክተታል (401) 347-0248 ተወከሱ

ነዚ መጽሓፍ ንምክፍፋል እትደልዩ ወገናት ፥

0910-531997 / 0911-699907

ቁ.ሳ.ጾ 1591/1110 ኣ.ኣ

ዘይድፈር ግሩምዩ

ብኣና ግና ትሑትዩ

ዘይርከብ ልዑልዩ

ብኣና ግና መልከዕ ባርያ ወሰደ ።

ዘይትንከፍ ሓዊ ‘ዩ፡ ንሕና ግና ረኣናዮን

ዳህሰስናዮን ፥ ምስኡ ከኣ በላዕናን ሰቴናንን

ኣባ ሕርያቆስ

ህያብ

ካብ _____

ናብ

_____

ዕለት . ----------

ፈርማ .----------

ቃል ተርጓሚ

እዚ መጽሓፍ ነቲ ብሰንኪ ብዙሕ ጸገማት ብዝግባእ ወንጌል ዘይበጽሖ ህዝብና ንምሕጋዝ ተባሂሉ ዝተዳለወ ኢዩ ! ነዚ ክገብር ዝደረኽኒ እግዚኣብሔር ክብርን ምስጋናን ይኹን ።

“ብነጻ ተቐቢልኩም ኢኹም እሞ ብነጻ ሃቡ ”

በስመአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሃዱ አምላክ አሜን

መእተዊ

ኣብ ውሽጢ መጽሓፍ ቅዱስ ንእግዚኣብሄር ዘለዎም ዕሙቕ ፍቕሪ ዝገለጹ ብዙሓት ናይ እግዚኣብሄር ሰባት ንረክብ ኢና ። እዞም ናይ እግዚኣብሄር ሰባት እግዚኣብሄር ከመይ ከም ዝፈተዎም ተረዲኦም ፈተውዎ ። ፍቕሮም ከኣ ብግብሪ ብምንባር ብሂወቶም መስከሩ ። መብዛሕትና እግዚኣብሄር ፡ ናይ ምፍታው ዕዳ ዘለዎ ፡ ክጸልእ ስለ ዘይክእል ዝፈተወና ፡ ናትና ፍቕሪ ግን ክሰምዖ ዘይደሊ ጌርና ንሓስቦ ፡ ግና"ኸ ኣፍቃሪ ፍቕሪ ይደሊ ኢዩ ። እግዚኣብሄር ፍቕርና ክሰምዕን ክርእን ይደሊ ፡ ብርግጽ ንእግዚኣብሄር ብኣምሰሉነት ፍቕሪ ጌርና ከነፍቅሮ ኣይንኽእልን ኢና ። ንሱ ንዝተሰወረ ናይ ውሽጢ ሓሳብ ኢዩ ዝፈልጥ ፡ ብሓቀኛ ፍቕሪ ከነፍቅሮ ዉን ይደሊ ።

እግዚኣብሄር ከመይ ከም ዝፈትዎም ዝተረድኡ ናይ እግዚኣብሄር ሰባት ንዕኡ ፈትዮሞ ጥራሕ ዘይኮኑስ ምፍታው ዘኽፍሎ ዋጋ ብምኽፋል ብሂወቶምን ብሞቶምን ኣኽበርዎ ። ካብዞም ዕድለኛታት ሓንቲ ማርያም መግደላዊት እያ ። ዝመጸትሉ መንገዲ ቅኑዕ እኳ እንተ ዘይኮነ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ስማን ታሪኻን ብምልዋጥ ምስ ቁጽሪ ሰባት ደሚሩ ታሪኻ ማራኺ ገበሮ ። ካብ ዓቢ ስቓይ ናብ ዓቢ ዕረፍቲ መለሳ ፡ ንሓደ መዓልቲ እኳ ማዕበል ካብ ዘይፍለዮ ምንባር ኣውጺኡ ፡ ኣብ ዓቢ ጸጥታ ኣዕረፋ ። ስለዚ ሰላማን ሂወታን ንዝኾነ ጎይታ ፍቕራ ትገልጸሉ ሰዓት በጽሐ ። እዚ ግዜ እዚ ፍቕራ ዝምዘነሉ ግዜ ነበረ ። ጎይታ እንዳተሳቐየ ካብ ጎኒ መስቀል ኣይተፈለየትን ። ምስ ሞተ ዉን ኣይረስዓቶን ። ንቅዱስ ስግኡ ሽቱ ክትቀብእ ናብ መቓብር ገስገሰት ። ንሱ ግን ህያው ስለ ዝኾነ ናይ ምዉታት ሽቱ ኣይተቐብኣን ።

ማርያም መግደላዊት ነዚ ቅኑዕ መምህር ንዘልኣለም ዝሰኣነቶ መሲልዋ ልባ ብሓዘን ተሰብረ ። ናብቲ ቦታ ብምካድ ንቅዱስ ስጋኡ ሽቱ ቀቢኣ ንምስንባት ክትመጽእ ከላ ስጋኡ ብምስኣና ሓዘና መሊሱ መወዳድርቲ ዘይብሉ ኮነ ። ዝተሰርቀ ስለ ዝመሰላ ምስራቕ ንደቂ መዛምርቱ ነገረቶም ፡ ዘይተረጋገጸ ምስክርነት እኳ እንተኾነ ጎይትኣ ምስ ተገልጸላ ግን ሓቀኛ ምስክርነት ሒዛ ወጸት ። ወላ መላኣኽቲ እንተ ተገልጹላ ክትረጋጋእ ኣይከኣለትን ። ነብሳ ዘጫነዎቶ ክሳብ ትረክብ ዕረፍቲ ኣይነበራን ። ንቅዱስ ስጋኡ እንተ ረኺበዮ ክወስዶ ኢየ ዝብል ቆራጽ ዝኾነ ሓሳብ ሓዘት ።

እዚ ግን ከቢድ ኢዩ ንምኽኑ እቲ ሬሳ ኣበይ እያ ክትገብሮ ? ፍቐራ ግን ከምዚ ንምግባር ጨከነ ። በዚ ግዜ እዚ ኢዩ ጎይታ ዝተገልጸላ ፡ ንሱ ብስማ ምስ ጸውዓ **ረቡኒ** በለቶ ። መምህረይ ማለታ ኢዩ ። ሎሚ ትመሃሮ ጌና ዘይተረድኣ ነገር ስለ ዘሎ ከስተምህራ መምህረይ ብምባል ጸዋዓቶ ። ኣብ ኩሉ ዘመናት ህዝቢ መምህራን ይደልዩ ኢዮም ። ናይ መምህር ድልየቶም ግን ማይ ጨው ከም ዝሰተዩ መሊሱ ኣጽምኣም እምበር ከም ልቦም ዝኾነ መምህር ኣይረኽቡን ። በብዘመኑ መምህራን ኢና ኢሎም ዝተንስኡ ተራ ተመገብቲ እምበር መገብቲ ስለ ዘይኮኑ ርሕቐ ይብሉ ። ንሶም ነቲ ፈርማታ ስለ ዝፈልጥዎ ይወርዱ ፡ ክሳብ መጨረሻ ዝተሳፈረ ህዝቢ ግን መወዳእትኡ ንጸጋም ኣትዩ የዕነኒ ። ሕጂ ውን ንሓቀኛ መምህር ክርስቶስ ክንዲ ምድላይ ንካልእ መምህር ሰሚዑ ኣዳልዩኒ ዝብል ፡ ጌና ኣብ ምንክልባት ይነብር ። መምህር ንምድላይ ካብ ሓደ እምነት ናብ ሓደ እምነት ክንከላበቱ ኣብ ጫካ በረኻ ዝተረፉ ፡ ናይ ጨካናት መምሃራን ኢና በሃልቲ ናይ ግፍዒ ኣብነት ዝኾኑ ብዙሓት ኢዮም ። እዚ ኩሉ ከኣ ንልብና ዝቐረበ ሓቀኛ መምህር **ረቡኒ** ካብ ዘይምባልና ቅጽዓት'ዩ ። ንመምህር መምህረይ ኢልና ምስ ንቐርቦ ሓቀኛ ጓሳ ይህበና ። ጓሶት ኩሎም ነባጊዕ ኢዮም ዘውፍሩ ፡ ሓቀኛ መምህር ክርስቶስ ግን በጊዑ ይገብረና ።

ነብይ "ደቅኺ ኩላቶም ብእግዚኣብሄር ክምሃሩ እዮም ፡ ሰላም ደቅኺውን ዓቢ ክኸውን ኢዩ" ኢሳ 54፡13 ብምባል ተዛረበ ። ንእግዚኣብሄር መምህርና ጌርና ኣብ ዘይተመላለስናሉ ዘመን እንተንመሃር ውን ሰላም ኣይምነበረናን ። ካብኡ ክንመሃር ምስንቐርቦ ግን ሰላሙ የብዝሓልና ። እሞ'ኸ ደኣ ናትና መምህር ኸ መን ዩ ? ሓፍ ዝበሉ ዓቢ ተስፋ ዝገበርናሎም መምሃራን ምስዝስወሩና የእዳውና ሒዙ ዝመርሓና መምህርና መን'ዩ ? እወ ኣብ ሰብ ዘይርከብ ፡ ትረክበሉ ዓቢ መምህር ኣሎ ። ንሱ ከኣ ወዲ እግዚኣብሄር ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ ።

እዛ ንእሽቶ መጽሓፍ ንፍቅሩን ትምህርቱን ዘይትኣክል ፡ ንናይ ማርያም መግደላዊት ፍቅራ ፡ ፍቐርና ምስ ዝዕዘቦ ዕረፍቲ ንክረክብ ተባሂሉ ዝተጻሕፈ ኢዩ ። ዘጸናንዕ ዝመክር መምህር ፡ ንዝጠመዩ ወለዶና እዛ መጽሓፍ መብራህቲ ከምእትኸውን ንኣምን ኢና ። ንዝፈተወና ካብ ሓጢኣትና ብደሙ ዝሓጸበና ንጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኸበረ ኣምልኾ ይኹን ኣሜን ።

ጎይታና ተንሲኡ

ኩላትና ኣብዚ ዓለም ዝተወለድናሉ ብጻዕሪ'ዩ ። ጻዕሪ ብዝቅድሞ ልደት ኣብ ዓለም ተረኺብና ። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ንዓና ንዘልኣለም ሂወት ዝወለደና ብናይ መስቀል ጻዕሪ ኢዩ ። ናትና ሞት ወሲዱ ናቱ ሂወት ሃበና ። ካብ ልዕሊ ሰማያት ናትና ስጋ ክኽብር ፡ ስጋኡ ትሕቲ መቓብር ወረደ ። ካብ ክንድሕኖ ዘይንኽእል ንኽድሕን እቲ ዘይመውት ሞተ ። ሞት ዘይግብኦ ብምሟቱ ፡ ሂወት ንዘይግብኣና ኣድሓነና ። ሓጥኣን ዝድሕንሉ ምንም ምኽንያት የለን ። ሚዛኑ ዝስተኻኸለሉ ምድሓን ዝፍጸመሉ ጻድቕ ጎይታ ስሌና ሓጥእ ካብ ተባህለ ግዜ ንደሓር ሓጥኣን ንዝኾና ንሕና ፡ ጻድቃን ክንበሃል ኢና 2ይቆሮ5፡21 ። ብሓቂ ዝደሓናሉ ሚዛን ተስተኻኺሉ ኢዩ ። ነዚ ዘኽብዶ ፡ ንጹህ ስሌና ሓጥእ ምባሉ እምበር ንሕና ስሌኡ ጻድቃን ምባልና ኣይኮነን ። ሓደ ወዱ ንዓና ዝሃበ እግዚኣብሄር ንዓና ኢሉ ዝፈጠራ መንግስተ ሰማያት ኣይክልክለናን ። ብክርስቶስ ንዝኣመኑ ኩሎም እዚ መንፈሳዊ መሰል ኮይኑ ተዋህቦም ፡ << እቲ ንወዱ እኳ ምእንቲ ኩላትና ኣሕሊፉ ዝሃቦ እምበር ዘይንሓፎ ፡ ከመይ ደኣኸ ምስኡ ኩሉ ዘይህበና >> ሮሜ8፡32 ከምኡውን ነይዮሃ 3፡ 16 ተመልከቱ ።

ካብ መንግስተ ሰማያትን ካብ ክርስቶስን መን ይበልጽ ? ምስ እንብል ብብዙሕ ክብሪ ብርግጽ ጎይታና ይበልጽ ። እሞኸ ደኣ ወዱ ዝሃበና እግዚኣብሄር መንግስቱ ከመይ ኢሉ ይኽልክለና ? ዝበለጸ ዝረኸበ ብዝነኣሰ ኣይጠራጠርን ። ነገር ግን ናይ ክርስቶስ ሞት ሂወተይ ኢዩ ኢልና ምእማን ይግብኣና ። << ብወዲ ዝኣምን ናይ ዘልኣለም ሂወት ኣላቶ ፡ እቲ ብወዲ ዘይኣምን ግና ቍጥዓ ኣምላኽ ደኣ ኣብኡ ይነብር እምበር ፡ ንህይወት ኣይክርእያን እዩ >> ። ዮሓ 3፡36 ይብል።

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ውሽጢ መቓብር ሰለስተ መዓልትን ሰለስተ ለይትን ድሕሪ ምጽንሑ ንሞት ኣሰኒፉ ተንስኣ ናቱ ምትንሳእ ብዙሕ ነገራት ኣጨበጠና ።

1. <u>ምምስራት ናይ ቤተ ክርስትያን ክዉን ገበሮ</u> ፡

   ናይ ሰማይ መንግስቲ ኤምባሲ ፡ ናይ ክርስቶስ ጎይትነት ፡ ናይ ዓቢ ንጉስ መርዓት ፡ ንህዝባ ናብ ድሕነት እትጽውዕ ቤተ ክርስትያን ንምምስራት ዘብቅዐ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት ብምትንስኡ ኢዩ ። ንሱ ካብ ሞት ተዘይ ትንስእ ኔሩ ናይ ቀረባ ሰዓብቱ ተስፋ ቆሪጾም ናብቲ ናይ ቀደም ተግባሮም ምተመልሱ ፡ ኣመንቲ ከኣ ምተበተኑ ኔሮም ። ናይ ጎይታና ምትንሳእ ግን ፡ ሓንቲ ኣካያዲት መንፈሳዊት ኣብ ምድሪ ተቐሚጣ ፡ ናብ ሰማይ ናይ ይሕለፍ ወይ ቪዛ እትህብ ቤት ክርስትያን ተወልደት ።

2. <u>ንድኹማት ሓይሊ ሂቡ</u> ፡- ንድኹማት ዓቢ ብርትዐ ዝኾኖም ፡ ሓያል ኣምላኽ ከምዘለዎም ብምእማን ኢዩ ። ንድኹማት ኩሎም ትምክሕቲ ዝኸዉን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት ተንስኡ ። ጴጥሮስ ኣብ ቅድሚ ሓንቲ ገረድ ፡ ንክርስቶስ ከሓደ ። ንሳ ንርእሳ ናጽነት ዘይብላ ዝተሸጠት ባርያ ክንሳ ፍርሓቱ ግን ንመን ክፈርሕ ከምዘለዎ ኣረስዖ ፡ ፈራሕ ንዝኾነት ባርያ ፈርሓ ። ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት ድሕሪ ምትንስኡ ግን ብምልኣት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ቅድሚ ሰለስተ ሽሕ ህዝቢ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ምድሓንን ኣምላክነትን መስከረ (ማቴ.26፡69-70 ግ.ሃ2፡14-42) ። ናይ ክርስቶስ ትንሳኤ ንድኹማት ሓይሊ ሃበ ።

3. <u>ንስብከት ርእሲ ረኺብና ፡</u> ቀደም ግዜ ናይ ኮሚኒዝም ዓለም ተኸሲቱሉ ኣብ ዝነበረሉ ዘመን እግዚኣብሄር ኣሎ ኢልካ ምምስካር ጣዕሙ ፍሉይ ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና ። ኣብ ዝኾነ ዘመን ግን ክስበኽ ዝግብኦ ዓቢ ርእሲ ስብከት << ከምዝተዛረቦ ተንሲኡ >> ዝብል ኢዩ ማቴ. 28፡6 ። ብዙሓት መራሕቲ ሃይማኖት ከም ዝተዛረብዎ ኣይተንስኡን ። ንሱ ግን ከም ዝተዛረቦ ተንስኡ ። ብብዙሕ ፍርሓት ዝተጸቅጠ ወሎዶና ሎሚ ካብ ዘድልዮ ናይ ቤተ ክርስትያን ድምጺ << ክርስቶስ ካብ ማእከል ምውታት ተንሲኡ >> ዝብል ኢዩ ። ትንሳኤኡ ናይ ሓደ ዓቢ ሓቂ መረጋገጺ ኢዩ ። ንሱ ናይ ምድሓና ማሕተም ኢዩ ።

4. <u>ንሓቂ ፡ ዋጋ ንምኽፋል ሓይሊ ኾነ</u>

ትንሳኤኡ ፡ ናብ ፍልጠት ደረጃ ክትልዕል ዝገብረካ ዘይኮነስ ናብ እምነት ደረጃ ክብ ዘብል ኢዩ ። ብዙሓት ሰባት ንሓቂ ዝፈትውዋ ፡ ዋጋ ከየኽፈለት ከላ ኢዩ ። ናይ ትንሳኤ ሓይሊ ግን ፡ ንሓቂ ዋጋ ንምኽፋል ንናይ ብዙሓት ልቢ ኣጠንከረ ። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት ተዘይትንስእ ኔሩ ደቀ መዛሙርቱ ንስብከት ኣይምወጹን ኣብ ኣደባባይ ከኣ ብድፍረት ኣይምቕሙን ኔሮም ። ጴጥሮስ ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት ተዘይትንስእ ኔሩ ኣብ ኣደባባይ ሮማ ንቐልቁል ኣይምተሰቐለን ኔሩ ። ሓቂ ንዘይኮነ ነገር ርእሱ ኣይምሃበን ኔሩ ። ክርስቶስ ተዘይትንስእ ኔሩ ደቂ መዛሙርቱ ንስሕለት ሰይፊ ኣይምደፈሩን ኔሮም ።

5. <u>ንዓና ትንሳኤ ኣበሰርና</u> ፡ ወዲ ሰብ ፍርሓት ተደራሪብዎ ኢዩ ዝነበረ ። ኣብ ልዕሊ መቓብር ሲኦል ፡ ኣብ ልዕሊ ሞተ ስጋ ፡ ሞተ ነፍሲ ተጻዒኑ ይነብር ነበረ ። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብምትንስኡ ግን ንታሪኽና

ልዕሊ መቓብር ፡ ጉዕዞና ከኣ ልዕሊ ሲኦል ገበሮ ። ትንሳኤኡ ንነፍሲ ሓርነት ጥራይ ዘይኮነስ ፡ ንስጋና ዉን ንዘልኣለም ናይ መቓብር ተጎዓዚት ኮይና ከይትተርፍ ዝገበረ ኢዩ ። ብትንሳኤ ክርስቶስ ትርጉም ሞት ምጥፋእ ዘይኮነስ ናይ ኣድራሻ ለውጢ ወይ ውን ድቃስ ተባህለ ፊልጵ. 1፡23 ። ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተንስአ ናቱ ሓይሊ ንኽርኢ ዘይኮነስ ንዓና ትንሳኤ ንምብሳር ኢዩ ። ንሱ ብስልጣኑ ተንስአ ፡ ንሕና ድማ ብናቱ ስልጣን ክንትንስእ ኢና ። ፈሪስናን በስቢስናን ከይንተርፍ ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ሙታን ኩሎም ቦኽሪ ወይ ቀዳማይ ኮይኑ ተንስአ ። ንሕና ውን እዚ ዝፈርስ ኣካላትና ዘይፈርስ ኮይኑ ፡ ሞት ዝሰልጠኖ መንነት ብሂወት ገኒኑ ክትንስእ ኢዩ 2ቆሮ. 5፣1-5 ናይ ጎይታና ትንሳኤ ነዚ የበስረና።

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብትንሳኤኡ ዘሰነፎ ግዝያዊ ጸላኢ ዘይኮነስ ዘልኣለማዊ ጸላኢ ኢዩ ። ብናይ ሰብ ጥበብን ሓይልን ዘይርታዕ ሞት ኢዩ ። ዓበይቲ ሃገራት ዘመሓድሩ ዓበይቲ ነገስታት ንሞት ክገዝኡ ኣይከኣሉን ንኹሎም ገዝኣም ። ጎይታና ኢየሱስ ግን ካብ ሞት ብዓወት ተንስአ ። ናይ ዓበይቲ መራሕቲ ሃይማኖት ኩሎም መቓብሮም ሎሚ ይብጻሕ ኢዩ ። ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ መቓብር ግን ባዶ ኢዩ ፡ ተንሲኡ ብኽብሪ ዓረገ ። ናይ ሰባት ፍልጠት ተወንጪፍሉ ኣብ ዝብሃለሉ ዘሎ ዘመን ፡ ጥበበኛታት ተኣኪቦም ሰብ ንምስራሕ እንክሓስቡ ፡ ናይ ሞት መድሃኒት ንምስራሕ ግን መደብ እኳ የብሎምን ። እዚ ዘርእየና ሞት ናይ ጠቢባንን ናይ ነገስታትን ኣእምሮ ከይተረፈ ዝገዝአ ምኺኑ ኢዩ ። ኩሉ ዝተሰነፈሉ ሞት ግን ብናይ ክርስቶስ ትንሳኤ ብዓወት ተንስአ ። ናይ ኣካል ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ሕልና ውን ገዛኢ ወይ ድማ ፍርሓት ኮይኑ ንዝነበረ ሞት ብናይ ጎይታና ትንሳኤ ተወገደ ። ኣብ ኩሉ ዘመናት ዝነበሩ ደቂ ሰባት ንሞት መን ሞት ይኸፍሎ ? ኢሎም ይምነዩ ነበሩ ። ንሞት ሞት ዝኸፈለ ግን ወዲ እግዚኣብሄር ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ ኢዩ ። ናይ ዘመናት ኩሉ መቓብር ማዕጾ የብሉን ተባሂሉ ተኣዊጁ ኔሩ ። ኣብ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ትንሳኤ ግን መቓብር ማዕጾ ረኸበ ። ሎሚ ፈራሓት ዝኾና ብጾትና ካብ ሞት ንላዕሊ ሓያላት ስለ ዘይኮኑ ኢዩ ፡ ሞት ብዘሰነፈ ጎይታ ስለንኣምን ግን ሓጎስና ወሰን የብሉን ። ሞት ንዘመናት ኣብ ልዕሊ ሰባት ብዓወት ፈከረ። ንሕና ከኣ ብግዜና ኣብ ልዕሊ ሞት ፈከርና ።

ኦ ሞት ኣበይ ኣሎ ብልሕኻ

ኣታ ሲኦል ከ ኣበይ ኣሎ ዓወትካ ?

1ቆሮ, 15፡ 55

ኣብ ልዕሊ ሞት ብዓወት ክንዝምር ዝገበረና ናይ ጎይታና ትንሳኤ ኢዩ ። ብርቱዕ ዝኾነ ከኣ ሞት ዘይኮነስ ካብኡ ዝበርትዐ ፍቕሪ ጎይታና ኢዩ ፡ ፍቅሩ ከኣ ንዘልኣለም

እንዳበርትዐ ይነብር ። እምነትና ኣብ ሞት ዘይኮነስ ፡ ኣብቲ ህያው ዝኾነ ወዲ እግዚኣብሄር ፍቐሪ ኢዩ ።

ንሱ ንኸይትንስእ ብዶንጎላ ተዓጽወ ፡ ናይ ሮማ ምሩጻት ዝኾኑ ወተሃደራት ዋርድያ ቆሙ ፣ ጉቦ ተኸፍለ ። ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ናይ ነገስታት ማሕተም ዝተነብረሉ መቓብር ዓወት ኣልዒሉ ወጸ ። ሎሚ ውን ንኸይትንስእ ፡ ስሙ ኣብ ኩሉ ንኸይጽዋዕ ዋርድያ ዝቐሙ ብዙሓት እኳ እንተኾኑ ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ሞትን ደቂ ሞትን ከይሕዝዎ ንዘልኣለም ተንስአ ፡ ንዕኡም እንዳ ኸፍኡም ከኣ ናቱ ስሙ ይኸብር ።

ኣብ ውሽጢ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ሞት ከም ዝተንስኡ ስለ ብዙሓት ሰባት ተጻሕፈ ። እንታይ ደኣ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ፍሉይ ዝገብሮ ! እንታይ ዩ ? ምስ እንብል እዞም ኩሎም ዝተንስኡ ዳግማይ ሞይቶም እዮም ። ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ዳግማይ ሞት ከይሓዞ ተንስኣ ሮሜ.6:9 ። ንሱ ካብ ድኻ ድንግል ተወልደ ፡ ኣብ መብልዒ ማል ከኣ ተደርበየ ፡ ብናይ እንስሳታት ትንፋስ ሞቐ ፡ ርእሱ ዘጸግዓሉ ቤት ስኢኑ ከርተት በለ ፡ ብናይ ልማኖ ጃልባ ተጓዕዘ ። ኣብ መጨረሽታ ውን ኣብ ናይ ልማኖ መቓብር ተቐብረ ። ንሕና ንኽንብልጽግ ንሱ ብኹሉ ነገሩ ድኻ ኮነ ። ድሕሪ ትንሳኤኡ ግን ብዘይ ጭበጥ ሓይሊ ፡ ክምዘን ብዘይክእል ብልጽግና ፡ ክንገር ብዘይክእል ልዕልና ንዘልኣለም ይነብር ።

<u>መጀመርታ መዓልቲ ናይታ ሰሙን</u>

መጀመርታ መዓልቲ ናይ ሰሙን ንብዙሓት ድሕሪ ዕረፍቲ ብምኻኑ ፡ ዝረሳዕናዮም ጉዳያት ዝዝከርሉ ፡ ጸጥ ዝበሉ ስልኪ ድምጺ ዝገብርሉ ፡ ዘይተወድአ ጉያ ዝቐጸልሉ ናይ ሰዓት ተቐጻጸርትን ፡ ቁጥዓ ሓለፍቲ ዝዝከርሉ ፡ ስረሳዕናዮም ጉዳያት ምቕስቃስ ዝጅምርሉ መዓልቲ ብምኻኑ መጀመርታ መዓልቲ ናይታ ሰሙን << ጸልማት መዓልቲ >> ንብሎ ። መጀመርታ መዓልቲ ናይ ሰሙን ንጎይታ እንተዘይ ደሊናዮ ስምዒትና ኣዝዩ ይጭነቅ ፡ ሓደ ሰብ ኣኣብ ዕለቱ ክረኽበኒ << እንቋዕ ኣብጽሓካ>> ይብለኒ ነበረ ። ከምዚ ንኽብልኒ ድሕሪ ሰሙን ዘሎ እንታይ በዓል ከም ዘሎ ይደሊ ነበርኩ ። ግናኸ ዓመት ምሉእ << እንቋዕ ኣብጽሓካ >> ዝበሃል ምኻኑ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ፍሉይ መዓልቲ ምኻና እግዚኣብሄር በዚ መንእሰይ መሃረኒ ። ለካ ዓቢ በዓልሲ ምንባር'ዩ !

ሓደ ኣቦ ኣብ ጸሎቶም ፡- << ሰለማዊ መዓልቲ ኣዝዘልና>> ይብሉ ነበሩ ። ንሰላምን ንመዓልትን ዝእዝዝ እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ ። ክልቲኣም ዝገጥምሉ ካብ ብዙሕ መዓልታት ሓደ ግዜ ኢዩ ። ብናይ ጸሎት መንፈስ ግን ሰለማዊ መዓልቲ ይእዘዘልና ። ነብዩ ፡- ኩሎም ባሮትካ'ዮም እሞ መዓልቲ ብትእዛዝካ ይነብር ። መዝ.ዝ18፡91 ይብል ። መዓልቲ እኳ ከይተረፈ ኣገልጋሊ እግዚኣብሄር ኢዩ ። ዕድመ ስለ ዝተወሰኸልና ብጣዕሚ ከነመስግነሉ ዝግብኣና መዓልቲ እንተ ነይሩ ፡-

መጀመርታ መዓልቲ ናይ ሰሙን ኢዩ ። ካብ ዕረፍቲ ኣላዒሉ ዘዋፈረና ናይ ናብራ ጉድለት ኢዩ ። እዚ ናይ ምንባር ጉድለት ብናይ ስላሴ ጥበብ እኳ ዝጎደለ እንተኾነ ንዓና ዘትግሃና ብምኽኑ ደስ ክብለና ይግባእ ። ጉድለት እንተዘይነብር ካብ ገዛና ንወጸሉ ምኽንያትን ሓይልን ኣይምነበረናን ነይሩ ። ጉድለት እንተዘይነብር ናይ ሓጎስ ምልኣት ኣይምነበረን ኔሩ ። ምሉእ ብምሉእ ደስ ዝብለና ዓቢ ሕድገት ድሕሪ ጉድለት ምስ ዝኸውን ጥራይ ኢዩ ።

መጀመርታ መዓልቲ ናይ ሰሙን እቲ መዓልቱ ዝቀልጠፈ ፡ ወርሒ ብዓመት ንምትካእ ዝቐልጠፈ ብምኽኑ ብዙሕ ግዜ ኢና ንሓዝን ፡ << እዚ መዓልቲ እኮ ጎዩ>> ንብል ። መዓልቲ ምኻድ ዝኣበዮም ብዙሓት ወገናት ኣለዉ ። ንሕና ክንሓስቦ ከለና ግን መዓልቲ ዝኸይድ ካብ ኮነ መቂርና ኣሎ ማለት'ዩ ።

ዘይመቀረ መዓልቲ ንዓመት ዝኣክል ኢዩ ዘንውሉ ፡ ለይቲ ሓሊፉ ብርሃን ምስ ዝመጽእ እግዚኣብሄር ሎሚ ንኽነብር ናይ ዕድመ ኩንትራት ኣሐዲሱልና ማለት ኢዩ ። ዕድሜና ስለ ዝተሓደሰልና ኣዚና ከነምስግን ይግባኣና ፡ ብሂወት እንተ ዘየሊና ጉድለትን ምልኣትን ኣይንነብሮን ኢና ። እቲ ዝኸብድ ናይ ምንባር ጉዳይ ዘይኮነስ ዕድመ ኢዩ ፡ ሓደ በዓል ጸጋ ድሌታትና ክመልኣልና ይኽእል ይኸውን ፡ ዕድሜና ግን ብደገፍ ንረኽቦ ዘይኮነስ ብጸጋ ኣምላኽና ኢዩ ። ስለዚ ኣብታ ንጅምረላ ሰሙን እዚ ጸሎት እዚ ምጽላይ የድሌና ።

ዎ ጎይታይ ብዙሓት ምንባር እንዳ ደለዩ ነዛ መዓልቲ ከይረኣዩዋ ሓለፉ ። ምሕላፎም ከኣ ብንግሁኡ ሰሚዐ ኣለኹ ። ኣነ ግን ኣንብረኒ ኢለ ብምጽላየይ ዘይኮነስ ንበር ኢልካ ስለ ዝፈቐድካ ኣብዚ በጺሐ ኣለኹ ፡ እሞ የመስግነካ ኣለኹ ። ሰሙን ምሉእ ምሳኻ ኮይነ ከሕልፋ ብዝመደብክዎ ዘይኮነስ ብዝመደብካለይ ክኸውን ይምሕጸነካ ኣለኹ ። ንዘይነብሩሉ መዓልቲ ከም ዝተቐበሉ ዘይኮነስ ፡ ከም ዕድሚኡም ምሳኻ ዝመቀሮም ሰባት ግበረኒ ። ንምንባረይ ስግኣት ዝኾኑ ፈተና ብቅንያቱ የሕሊፈ ኣለኹ ፥ ንከተንብረኒ ደስ ኽብለኒ ርድኣኒ ። ዘለኒ ነገር ካብ ኢደይ ክስእኖ ከለኹ ጥራሕ ከኽብሮ ኣይኹነኒ ። ኦ ጎይታ በዚ መዓልቲ ንስኻ ሕለፍ ኣነ ብጽድቂ ብቅዱስ ፍርሃት ክኽተለካ ፡ ሰላምካ በዚ መዓልትን ሰሙንን ኣዝዘለይ ኣሜን ።

ወንጌላዊ ዮውሃንስ ;- በታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን ማርያም መግደላዊት ገና ጸልማት ከሎ ኣንጊሃ ናብቲ መቃብር መጸት ፡- ነቲ እምኒ ከኣ ካብ ኣፍ መቃብር ተፈንቂሉ ረኣየቶ ፡ ብምባል ጸሓፈልና ዮሃ 20፡1 ። ንኣይሁዳውያን ናይ መወዳእታ መዓልቲ ናይታ ሰሙን ቀዳም ክኸውን ከሎ ናይ መጀመርታ መዓልቲ ናይ ሰሙን ድማ ሰንበት ኢዩ ። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሞት ኣሰኒፉ ዝተንሰኣላ ዕለተ ሰንበት << መዓልቲ ጎይታ >> ተባህለት ። ሰንበት ክርስቲያናት ንኣምልኾ ዝእከቡላ መዓልቲ ኮይና ኣላ ራኢ 1፡10 ። ዕለተ ሰንበት ናይ ኣምልኾ መዓልቲ ዝኾነትሉ ጎይታና ካብ ሞት ዓወት ኣልዒሉ ስለ ዝተንስኣላ ኢዩ ። እዛ መዓልቲ እግዚኣብሄር ንፍጥረት

ምፍጣር ዝጀመረላ ፡ ናይዛ ዓለም ዘመን ሓደ ተባሂሉ ንምቑጻር ዝተጀመረላ መዓልቲ ኢያ ። በዛ መዓልቲ እዚኣ ምፍጣር ዝጀመረት ዓለም ፡ ብናይ ኣዳም ሓጥያት ምእራግን ምውዳቅን በጽሓ ። ናይ ፍጥረት ምሕዳስውን በዛ መዓልቲ እዚኣ ኮነ ። ዓርቢ ዝተፈጥረ ኣዳም ዕለተ ዓርቢ ብዝተሰቅለ ጎይታ ደሓነ ፡ ሰንበት ዝጀመረ ናይ ፍጥረት ጉዕዞ እንደገና ብሓድሽ ሂወት ሰንበት ቀጸለ ።

<u>ማርያም መግደላዊት</u>

ማርያም መግደላዊት ናይ ትውልዲ ሃገራ መጌዶል ይበሃል ስለዚ ማርያም መግደላዊት ተባህለት ። ኣብ ውሽጢ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሓት ማርያም ዝበሃላ ስለ ዘለዋ ማርያም መግደላዊት ተባሂላ ብፍሉይ ተጠቒሳ ኣላ ። ኣብ ውሽጣ ዓቢ ፍቅሪ ሰሪጹ ዘቃጸላ ኢያ ፡ ማርያም መግደላዊት ክሳብ እዚ መዓልቲ ዝበጽሕ ከመይ ኢላ ተዓጊሳ ጸኒሓ ? ምስ እንብል ። ጎይታና ዝተቐብረሉ ዓርቢ ምሸት ኢዩ ፡ ቀዳም ከይትመጽእ ከኣ ናይ ኣይሁድ ሰንበት ኢዩ ። ብሰንበት ካብ ዝተወሰነ ኪሎሜተር ንላዕሊ ምጉዓዝ ፍቑድ ስለ ዘይኮነ ብናይ ሕጊ ገደብ ተታሒዛ ከይተጨነቐት ኣይተረፈትን ። ቀዳም ድሕሪ ምሕላፉ ግን ሰንበት ለይቲ ወጊሑ ኣይወገሐን እንዳበለት ክትጽበ ጌና ጸልማት ከሎ ናብቲ ናይ መቓብር ቦታ ገስገሰት ። ኣይሁዳውያን ንዝሞተ ፈታዊኦም (ዘመዶም) ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ልዕሊ መቓብሩ ሽቱ ብምንስናስ ናይ መወዳእታ ግዜ ኢሎም ይሰናበትዎ ። ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ብህያው ከሎ ሽቱ ተቐበለ እምበር ናይ ምውታን መሰናበቲ ሽቱ ኣይተቐበለን ፡ ንሱ ህያው ስለ ዝኾነ ። ማርያም መግደላዊት ናይ መወዳእታ ሓዘና ንምግላጽን ሽቱ ንምቕባእን ገና ከይወግሐ ናብ መቓብሩ ገስገሰት ።

<u>ገና ጸልማት ከሎ</u>

<< ገና ጸልማት ከሎ ኣንጊሃ ናብ መቓብር መጸት >> ዮሃ. 20፡1 ። ገና ጸልማት ከሎ ኣንጊህካ ናብ ክርስቶስ ምግስጋስ ንብዙሓት ጻዕሪ ኢዩ ። << ጸልማት ወላ ይኹን ኣነ ግን ንጎይታይ ክደልዮ ኢየ ጎይታይ የድልየኒ ኢዩ ፡ ካብ ጸልማት ንላዕሊ ብዘይ ብእኡ ምንባር ይኽብደኒ >> ዝብሉ ውሑዳት'ዮም ። ጸልማት ድሕሪ ምውጋዱ እምበር ጸልማት እንዳ ሃለወ ከምልኹ ዝተዳለዉ ካብ ጉዳዮም ንላዕሊ ንዝተሰቐለ ጎይታ ጉዳዮም ዝገበርዎ ውሑዳት እዮም ። ኣንጊህካ ናብ ጎይታ ምምጻእ ኣይደልዩን ዕድሚኦም ምስ ወድኡ ምስ ኣረጉ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ከሕለፍዎ ዝሓስቡ ብዙሓት እዮም ። ብዙሓት ፈቲኖም ምስ ደኸሙ እምበር ገና ብንግህኡ ደገፉ ንኽረኽቡ ናብኡ ዝመጹ ውሑዳት እዮም ። ክርስቶስ ንብዙሓት ኣማራጺ እምበር ምርጭኦም ኣይኮነን ስለዚ ኢዮም ብኽብሩ ዘይርእይዎ ።

ማርያም መግደላዊት ናብ ክርስቶስ ክትግስግስ ከላ ጓል ኣንስተይቲ ብምኽና ዝፈታተኑ ብዙሓት ነገራት ነበርዋ ። ጸልማት ፡ ናይ መቓብር ቦታ ፡ እቲ

ዓቢ ንመቓብር ዓጺዩ ዝነበረ ዶንጎላ ፡ ስግኣታ ነበሩ ። ጓል ኣንስተይቲ ጸልማት ትፈርሕ ኢያ ፡ ኣይኮነን ብጸልማት ብብርሃን ከማን ተጠቃሚት ኢያ ። ናይ መቓብር ቦታ ከኣ እሞ ኣይኮነን ብጸልማት ብቐትሪ ከማን ዘይድፈር ቦታ ኢዩ ። ንጎይታ ዝኸደነ ዶንጎላ ብጉልበታ ዝለዓል ኣይኮነን ። ዘይትኽእሎ ነገር ኣብ ቅድሚ ዓይና እኳ እንተ ተራእያ ፍቐራ ግን ንፍርሓት ቀንጠጠላ ፡ ንቅድሚት ድማ ገስገሰት ። ዮሃንስ “ እቲ እምኒ ካብ ኣፍ መቓብር ተፈንቂሉ ረኣየት ” ዮሃ 20፡1 ብምባል ጸሓፈልና ። ኣብ መንገዲ እንከላ እቲ ዓቢ እምኒ ስግኣታ ከም ዝነበረ ማርቆስ ይገልጽ ማር 16፡3 ። ብርግጽ እቲ እምኒ ዝተፈንቀለ ጎይታ ንኽትንስእ ዘይኮነስ ፡ መቓብሩ ባዶ ምኳኑ ንኽትርኢ እቲ መልኣኽ ፈንቀሎ ፡ ጎይታ ግን መግነዝ ፍትሑለይ መቓብር ከፈቱለይ ከይበለ ተንሰአ ።

ኣይሁዳውያን ጎይታ ከም ዝትንስእ ርግጸኛታት ነበሩ ፡ ጸላእቱ ከም ዝትንስእ እንዳ ኣመኑ ደቂ መዛመርቱ ዘይምእማኖም ግን ብጣዕሚ ይገርም ። ነምልኹ ኣምላኽ ሓይሉ ከምቲ ጸላእቱ ዝፈልጥዎ ዝኣክል ጌርና ተንፈልጥ ምበርታዕና ኔርና ። ጸላኢ ኣይኮነን ንኣምላኽና ፡ ነዓና ከማን ኣይንዕቀናን ኢዩ ፡ ዘሳድደና ከኣ ስለ ዝፈርሓና እምበር ስለ ዝነዓቀና ኣይኮነ ። እዞም ጸላእቲ ከኣ ፡ ከይትንስእ ስለ ዝፈርሑ ኣከታቲሎም ሰለስተ መጠንቀቅታ ገበሩ ። ብዓቢ ዶንጎላ መቃብሩ ዓጸዉ ፡ ብናይ ሮማ መንግስቲ ማሕተም ኣንበሩሉ ፡ ከይወጽእ ኢሎም ድማ ምሩጻት ወተሃደራት ዋርዲያ ገበሩሉ ። እዚ ኹሉ ሓጹር ሓጺሮም ከይኣከሎም ፡ ትንሳኤኡ ዝኽሕዱ ሓሰውቲ ምስክር ኣምጺኦም ብገንዘብ ኣዋፈሩ ። እንታይ ዓይነት ዕሽነት ኢዩ ? ንሞት ዘሸነፈ ዶንጎላ ይኽብዶ ኢዩ ኢልካ ምሕሳብ ድኽመት ኢዩ ። ኢየሱስ ኤልሻዳይ ግን መቃብሩ እንዳ ሓለዉ ከተማ በጽሐ ። ንሱ ኣብ ናይ ኩሉ ሰብ ገዛ ተረኽበ ፡ ንሶም ግን ባዶ ንዝኾነ መቃብር ይሕልዉ ነበሩ ። ንሶም ብገንዘብ ዝተገዝኡ ሓሰዉቲ ምስክር ከዋፍሩ ከለዉ ፡ ብፍቅሩ ዝተማረኹ ደቀ መዛምርቱ ግን ንመስዋእትነት ጨኪኖም ንምስክር ወጹ ።

<u>ተፈንቂሉ ረኣየት</u>

ወንጌላዊ ማርቆስ ፡- “ ንሓድሕደን ከኣ እቲ እምኒስ ካብቲ ኣፍ መቃብር መን ክግልብጠልና ኢዩ ? ተበሃሃላ ። ” (ማር 16፡3) ብምባል ጽሓፈልና ። ማርያም መግደላዊት ኣብ መንጎኣን ኣብ መንጎ ክርስቶስን ዓቢ ዶንጎላ ስለ ዝነበረ ፡ ኣብ መንገዲ የተሓሳስባ ነበረ ። ሎሚ ንጎይታና ንኽይንረክብ ዶንጎላ ኣጨኒቕና ይኸውን ኢዩ ፡ ማርያም መግደላዊት እቲ ዶንጎላ ክትግምጥሎ ኣይትኽእልን ነበረት ፡ ዘይምኽኣላ ግን ንጉዕዞኣ ኣየዐንቀፋን ። ሕቶን ስግኣትን ዝኾና ነገራት ዋላ እኳ ኣብ ቅድሚ ዓይና እንተ መጹ ፡ ንድሕሪት ግን ኣይተመልሰትን ፡ ዉጽኢት ጉዕዞኣ ዶንጎላ

ዘይኮነ ፡ ህያዉ ዝኮነ ኢየሱስ ክርስቶስ ነበረ “ እቲ እምኒ ተፈንቂሉ ረኣየት ” ዮሃ 20፡1 ።

ሎሚ ውን ንክርስቶስ ንኽይንርእዮ ዝኽልክሉ ብዙሓት ደናጉላ ኣለዉ ። ካብ ክርስቶስ ንላዕሊ ክኽብሩ ዝደልዩ ፡ ብመዓርጋት ዝተጻዕኑ ፡ ሰብ ዘይኮነስ መልኣኽ ተባሂሉ ክንገረሎም ዝደልዩ ፡ ዓበይቲ ደናጉላ ሎሚ ውን ኣለዉ ። እዞም ደናጉላ ልቦም ከይተሰብረ ነገልግል ኣለና ዝብሉ ኣገልገልቲ ኢዮም ። ንእግዚኣብሄር ዝደሊ ናይ ሎሚ ወለዶ እዞም ደናጉላ እኳ ስግኣት እንተ ኾንዎ ፡ ንእግዚኣብሄር ዝደሊ ወለዶ ግን ብስግኣት ደው ኣይብልን ኢዩ እሞ ናብ ክርስቶስ ምግስጋስ የድሊ ! ኣብዚ ግዜ እዚ ዉን ደንጎላ ተገምጢሉ ናይ ዝተንሰአ ጎይታ ብስራት ክንሰምዕ ኢና ።

ሎሚ ኽ ንክርስቶስ ንኽይንርኢ መጋረጃ ኮይንና ዘሎ ነገር እንታይ’ዩ ? ሓጢኣት ወልፊ ኮይንና ይኽውን ኢዩ ? ብእምነት ምስ እንጎዓዝ ግን እቲ ዶንጎላ ይግምጠል ። ንክርስቶስ እትደሊ ነፍሲ ዓቢ ኮይኑ ዘፍርሓ ሽግር የለን ፡ ካብ ሽግር ንላዕሊ ክርስቶስ ይዓቢ ። ልዕል ካብ ዝበለ ነገር ንላዕሊ ልውል ፡ ናይ ሞት መድሃኒት ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ ።

ንደልዮም ክኾኑልና ንምነዮም ብዙሕ ጽቡቕ እኳ እንተ ሃለዉና << እቲ እምኒ መን ክግምጥለይ ? >> ዝብል ስግኣት ግን ኣለና ። ንራእይና ፡ ንሓዳርና ፡ ንፈተዉትና ፡ ናይ ርእሱ ዶንጎላ ዝኾነ ፈተና ኣለዎ ። ወላ እኳ ዘይተርፍ ኮይንና እንተጀመርናዮ ልብና ግን ይፈርሕ ፡ ብእምነት እንተንጎዓዝ ግን እቲ እምኒ ተፈንቂሉ ምረኣና ኔርና ። ደቂ እስራኤል ባሕሪ ዝተኽፍለሎም ብምጉዓዞም ኢዩ ። እግዚኣብሄር ንቕድሚት ንዝበሉ ባሕሪ ምኽፋል ዶንጎላ ምግምጣል ልማዱ’ዩ ። ህይወት ብናትና ክእለት ዝተመስረተት ኣይኮነትን ። ንሕና ገለ ዘይንኽእል ድኹማት ኢና ። ህይወት መስርሕ ጥራይ ዘይኮነ ተኣምራዊ ዓወት ውን ዘድልያ ኢያ ። እግዚኣብሄር ብእምነት ንቕድሚት ዝግስግሱ ባሕሪ ብምኽፋል ፡ እምኒ ብምግምጣል ሓይሉ የርእዮም ። ንሕና ኽ ንጎዓዝ ዲና ዘለና ወይስ ካብ ቃሉ ንላዕሊ ንፍርሓትና ኣሚና ደው ኢልና ኢና ዘለና ?

ናይ ዝኾነ ሰብ መቓብር ብዶንጎላ ኣይተዓጽወን ። ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ መቓብር ግን ዶንጎላ ተገብሮ ። ዓለም ቀቲላ ዝፈርሓቶ እንተኔሩ ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ ኢዩ ። ኣሸገርቲ ዝተባህሉ ሰባት ኩሎም ድሕሪ ሞቶም ኣስጋእነቶም የብቅዕ ። ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ወላ ሞይቱ ከሎ ኢዩ ዘፍርሕ ፡ ንሱ ከምኡ ስለ ዝኾነ እቶም ናይ ብሓቂ ሰዓብቱ ዉን ከምኡ ኢዮም ። ሞይትና ከለና ዘፍራሕናሉ እዋን ብዙሕ ኢዩ ። ደኺመ ሕጂስ ብዙሕ ከገልግል ዓቕሚ የብለይን እንዳበልና ፡ ጸላኢ ግን ከቢድ ስራሕ ክንሰርሕ ኣጆኻ ብምባል መከራ ይእውጀልና ። ቡርትዓት ኣብ ዝነበርናሉ ዘመን ዘይተወልዱ ሰባት ፡ ኣብ ዝደኸምናሉ ዘመን ክውለዱ ንርኢ ኣለና። ‘’ቃሉ’’ << ደኺሞም ከለዉ እኳ ይሰጉ ነበሩ >> መሳፍ.8፡4 ዝብል ኣባና ክፍጸም ርኢና ኢና ። ንጳውሎስ ዝተነግረ ፦ << ንሱ ከኣ ሓይለይ ብድኻም ኢዩ ዝፍጸም እሞ ጸጋይ

ይኣኽለካ በለኒ >> 2ቆሮ. 12፥9 ዝበሎ ሎሚ ውን ይሰርሕ ኣሎ ። እቲ ዝሰርሕ ናትና ብርታዐ ዘይኮነስ ጸግኡ ኢዩ ። ጸግኡ ንኽሰርሕ ዝጥዕሞ ድማ ምስ ንደክም ኢዩ ። እግዚኣብሄር ኣብ ኩሉ ዘመናት ምስ ስጋ ብሽርክና ሰሪሑ ኣይፈልጥን ። ወላ እኳ ኣካላትና ብደዌ እንተነቐጸ ኣገልግሎትና ግን ብጸጋ ክልምልም ይጅምር ።

ትንሳኤኡ ኣይኣመትን

ማርያም መግደላዊት ሞይቱ ከሎ ደለየቶ ። ትደልዮ ዘላ ናይ ኣይሁድ ካህናት ዝቐተልዎ ፡ << ናይ ዓርቢ ቀተልቲ ኢና >> ኢሎም ንርእሶም ከም ሓያላት ቆጺሮም ዝፍክሩ ዘይኮነትስ ፡ ንስለ ፍቐሪ ዝሞተ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ ። ንሞቱ ከም ተዋስኦ ኣይቆጸረቶን ፡ ንስለ ፍቐሪ ዝመውት ካብቶም ቀተልቲ ንላዕሊ ንሱ ጅግና ስለ ዝኾነ ኢዩ ። ሞቱ ንኽትርስዖ ኣይገበራን ፡ ውዕለቱ ግን ፍቐራ ንኽትገልጽ ኣገደዳ ። ሞቱ ንናይ ቀረባ ደቂ መዛምርቱ ከይተረፈ ድቃስ ከሊእዎም እኳ እንተኾነ ፡ ንሳ ግን ምስ ግዜ ኣይተለወጠትን ። ካብ ነብሳ ንላዕሊ ስለ ናይ ክርስቶስ ፍቐሪ ሓሰበት ። ፍጹም ፍቐሪ ዝበሃል ነብስኻ ረሲዕካ ስለ ክርስቶስ ምሕሳብ ምኺኑ ኣርኣየት ። ሞይቱ ከሎ ደለየቶ ። ዝደለየቶ ተኣምር ክገብረላ ፡ ካብ ደዌ ክፍውሳ ፡ ባሪኹ ንኽምግባ ኣይነበረን ። ስሌኡ ስለ ጎይታ ስለ ፍቐሩ ፡ ስለ መንነቱ ደለየቶ ። ዘምለኸት ንዕኡ እምበር ንጥቕማ ኣይነበረን ፡ ካብ ጉድለት ንላዕሊ ኢየሱስ ክርስቶስ ምስኣን ዓቢ ጉድኣት ኮይኑ ተሰምዓ ።

ናይ ክርስቶስ ዝኾነ ምፍታውን ፡ ንዕኡ ንክርስቶስ ምፍታውን ዝተፈላለየ ከምዝኾነ እዛ ሰበይቲ ትምስክር ፡ ናይ እዛ ሰበይቲ ፍቐሪ ንፍቅርና ይዕዘቦ ። ጸላእትና ሕነ ንኽፈድዩ ኣብ ዝትንስኡና እዋን ፡ ኣምላኽ ቀልጢፉ ዝፈርድ ክኾነልና ንደሊ ። ንዓና ኣኽቢሩ ንባዕሉ ተፈራሒ ዝኸውን ኣምላኽ ኢና ንደሊ ። ብድኻም ዝመዉት ወይ ስቕ ዝበለ ክርስቶስ ፡ ከምዛ ሰበይቲ ኮይና ንምድላይ ፍቕርና ማዕረ ክንደይ ዝጸንዐ ይኸውን ?

ማርያም መግደላዊት ናብ መቓብሩ ዝገስገሰት ናይ መወዳእታ ምፍናው ክትገብር ፡ ሓዘና ንምግላጽን ቅዱስ ስግኡ ሸቱ ንምቕባእን ኢዩ ። ንክርስቶስ ብሂወት ክረኽቦ ዝብል እምነት ኣይነበራን እንተዝኸውን ግን ምደለየቶ ፡- ማርያም መግደላዊት ትንሳኤኡ ከምዘይኣመነት ፡-

1. ሸቱ ሒዛ ብምምጽኣ ይገልጽ ። ንምውታን ዝኸውን መሰናበቲ ሸቱ ሒዛ ስለ ዘላ ።

2. እቲ እምኒ መን ክግምጥለለይ ? ዝብል ስግኣት ነበራ ፡ ማለት ክርስቶስ ኣብ ውሽጢ እቲ እምኒ ምኺኑ ርግጸኛ ነበረት ።

3. ነቲ ባዶ መቓብር ርእያ ፡ ንደቂ መዛሙርቱ ንጎይታይ ወሲዶሞ ብምባል ምስራቕ እምበር ምትንስኡ ኣይኣመነትን ።

ዮሃንስ ንወንጌል ክጽሕፍ ከሎ፡- ስለዚ ንሳ ጎያ ናብ ስምኦን ጴጥሮስ ናብቲ ኢየሱስ ዘፍቅሮ ካልእ ወደ መዝሙርን መጺኣ ንጎይታና ካብ መቓብር ወሲዶሞ ኣበይ ከምዘንበርዎ ኣይፈልጥን በለቶም ዮሃ. 20፡2 ። ናብ ክልቲኦም ደቂ መዛሙርቱ ገስገሰት ፡ እቲ ሓደ ዝኸሓደ ክኸውን ከሎ ፡ እቲ ካልኣይ ግን እቲ ዝጸንዐ ኢዩ ። ናይ ጎይታና ትንሳኤ ንዝኸሓደን ንዝጸንዐን ኢዩ ዝማርኽ ። ናይ ትማሊ በደልን ናይ ትማሊ ምጽናዕን ንሎሚ ኣይጠቕምን ። ሕጂ ብትንሳኤ ምእማን ግን ሓድሽ መንገዲ ይኸፍት ። ኣብዚ ውሽጢ መግለጺ ፡-

1. ስምኦን ጴጥሮስ ፡

2. ኢየሱስ ዝፈትዎ ዝነበረ ፡

3. ጎይታየ ፡ ዝብሉ ዝርርብ ንልቢ ይትንክፉ ።

ስምኦን ጴጥሮስ

ስምኦን ጴጥሮስ ቅድሚ ምጽውዑ ስምኦን ይበሃል ነበረ ። ከም ሻምብቆ ዝወዛወዝ ዘድከም ናብራ ፡ ናይ ታህዋኽ ጉያ ዝሓዘለ ንርእሱ ምልዋጥ ስኢኑ ብርእሱ ዝናደድ ፡ ሽምግልና ምስትውዓል ዘይሃቦ ፡ ብዙሕ ነቢሩ ውሑድ እኳ ዘይፈልጥ ሰብ ነበረ ። ከምዚ ዝበለ መንነት ኣይኮነን ሽምጊልካ ብመንእሰይካ ከማን ንወዲ መዝሙርነት ዝደልዮ ምንም የለን ። ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ተቐበሎ ። ብመንነቱ ኣይገፍዖን ። ናቱ መንነት ንኽህቦ ተቐበሎ ። ኣብ ዝተጸውዓሉ መዓልቲ ጴጥሮስ (ከውሒ) ከም ዝበሃል ነገሮ ዮሃ. 1፡42 ። ናይ ጴጥሮስ ናብራ ምስ ንሪኡ ናይ ድኻም ጽላል ዘጽለሎ ፡ ካብ ብሱል ጥረ ዝበዝሑ ኢዩ ። ክሳብ ሽምግልናኡ ተሰኪሙ ፡ ክሳብ መወዳእታ ሂወቱ ብዝኾነ ነገር ተስፋ ከይቆረጸ ጎይታ ተቐበሎ ። ሻምብቆ እኳ እንተኾነ ጴጥሮስ በሎ ! ዝኾኖ ዘይኮነስ ክኾኖ ዘለዎ ሪኡ ጴጥሮስ በሎ ። ብዙሕ ናይ ተስፋ ዘመንን ኣፍሰሰሉ ።

ጴጥሮስ ቅድሚ ምጽውዑ ስምኦን ይበሃል ነበረ። ድሕሪ ምጽውዑ ግን ስምኦን ጴጥሮስ ኢሎም እቶም ጸሓፍቲ መዝገብዎ ። ዝነበሮ ናብራ ፍርቂ ስለዝኾነ ። ድሕሪ ትንሳኤኡ ግን ጴጥሮስ ብምባል ጥራይ ጸውዕዎ ምኽንያቱ መንፈስ ቅዱስ ኢየሱስ ዝተመነየሉ መንነት ኣጓናጸፎ ። ንሕና'ኸ ከም ሻምብቆ ዝወዛወዝ ስምኦን ዲና ? ወይስ ኣብ ሓደ ምዕራፍ ዝምስገንን ዝግሰጽን ስምኦን ጴጥሮስ ኢና ? ማቴ. 16፡17-23 ። ጴጥሮስ ንኽንከውን ናይ መንፈሱ ሓይሊ ይዓድለና ! ኢየሱስ ክርስቶስ ሞይቱ ዝተርፍ መሲልዎ ከም ዝኸሓደ ንፈልጥ ኢና ። ክርስቶስ ምትንስኡ ምስ ሰምዐ ልዕሊ ማንም ዝሓፈረ ጴጥሮስ ኢዩ ። ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ቅድሚ ሞቱ ብዝነበሮ ፍቐሪ ንጴጥሮስ ይፈትዎ ነበረ ። ስለዚ ኢዩ እቲ መልኣኽ ንማርያም መግደላዊትን ነተን

ብጾታን ፡- ተንሲኡ ኢዩ ኣብዚ የሎን እታ ኣብኣ ዘንበርዋ ቦታ እንሃ ፡ ኪዳ ንደቂ መዛሙርቱን ፡ ንጴጥሮስን ፡- ናብ ገሊላ ክቕድመኩም ኢዩ ፡ ከምታ ዝበለኩም ከኣ ኣብኡ ክትርእይዎ ኢኹም ፡ ኢልክን ንገራኦም በለን ማር.16፡6-7 ። << **ንጴጥሮስ** >> ዝብል ቃል ፍሉይ መልእኽቲ ኣለዎ ። ናይ ክርስቶስ ፍቕሪ ሞት ከማን ኣይለወጠን ። ንስጋኡ እምበር ንፍቅሩ ምቕታል ኣይከኣሉን ። ኣይሁድ ንምጭካንን ጽቡቕ ኣለኹ ዝብል ስምዒት ንምጉንጻፍን ፡ ካብኡ ክፉእ ቃላት እንዳተጸበዩ ከለዉ ብዘይመዉት ፍቕሩ ፡- << ኦ ኣቦይ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን ኢዮም እሞ ይቕረ በለሎም >> ብምባል ለመነሎም ። ድሕሪ ምትንስኡ ብፍላይ ንጴጥሮስ ንገሩለይ በለ ። ዓበይቲ ስንጭሮታት ዝራኸቡ ብድልድል ኢዩ ። ኣብ ሞንነ ሓጢኣትናን ናቱ ቅድስናን ዘሎ ፍልልይ ናቱ ይቕሬታ ከም ድልድል ኮይኑ የራኽበና ኢዩ እሞ ስሙ ብሩኽ ይኹን ።

ኢየሱስ ዝፈትዎ ዝነበረ

የሃንስ ወንጌል ክጽሕፍ ከሎ ንርእሱ ፡- << ኢየሱስ ዝፈትዎ ዝነበረ >> ብምባል ጠቐሰ ። መጸውዒኡ ክኸውን ዝደለየ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ፍትወት ኢዩ ። ኣብዛ ንፍቕሪ በረኻ ዝኾነት ዓለም ብዙሓት እንዳፈተናዮም ክርሕቁና ከለዉ ነፍስና ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ፍቕሪ ክትሰምዕ ከላ ሓንሳ ዘይነጽፍ ዛራ ኢዩ ዝኸዉን ። ነዚ ኢዩ የሃንስ ኣብ ካልእ ቦታ ፡- << ኢየሱስ ቅድሚ በዓል ፋሲካ ካብዚ ዓለም እዚኣ ናብ ኣቡኡ ዝኸደላ ግዚኡ ከም ዝበጽሐት ፈሊጡ ፡ ነቶም ዘፍቅሮም ኣብዚ ዓለም እዚኣ ዘለው ናቱ ክሳዕ መወዳእታ ኣፍቀሮም >> ዮሃ 13፡1 ብምባል ተዛረበ ። ካብ ወገን ሰባት ናይ ጽባሕ ፈታዊና መን ምኻኑ ርግጸኛታት ኮይና ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና ። ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ገና ኣብ ዘይነበርናሉ ዘመን ከማን ይፈትወና ። ናቱ ፍቕሪ ብደረጃ ፡ ብምኽንያት ፡ ብግዜ ዝተደገፈ ፡ ዘይኮነስ ምስ መለኮታዊ ህልውንኡ ኮይኑ ንዘልኣለም ዝጸንዐ ኢዩ ። ወዲቕና ከተንስኣና ፡ በዲልና ናይ ንስሓ ዕድል ክህበና ፡ ንሕና ክንገድፎ ንሱ ክኽተለና ብዙሕ ግዜ << ንምንታይ ፈቲኻኒ >> ኢልናዮ ኢና ። ንሕና ጥራይ ዘይኮናስ ኣብ በቢዘመኑ ዝነበሩ ሰባት እዚ ሕቶ እዚ ሓተቱ ሚል.1፡2 ። ንሱ ግን ብምኽንያት ተደጊፉ ዘይኮነስ ብናይ ገዛእ ነብሱ ፍቕሪ ኢዩ ዝፈትወና ። ናይ ፍቕሪ ጀመርቲ ንሕና ኣይኮናን ፡ ንሱ ቀዲሙ ኣፍቀረና ተባሂሉ ተጻሕፈ ዮሃ.4፡10 ። ስለ ዝፈተወና ኢና ፈቲናዮ እምበር ስለ ዝፈተናዮ ኣይኮነን ፈቲና ንወንጌል ዝጸሓፈ የሃንስ ፡ ስሙ ንምጥቃስ ኣይደፈረን ፡ ኣብ ካልእ ቦታ ከም ዝጸሓፎ ፡- << ኢየሱስ ዝፈትዎ ዝነበረ >> ብምባል ስለ ርእሱ ተዛረበ ። ማንም ሰብ ክሰምዖ ዝደሊ ነገር እንተልዩ ስሙ ኢዩ ። ሰብ መጽሓፍ ንክጽሕፍ ከሎ ንገዛእ ስሙ ፊደል ኣይገድፍን ኢዩ ፡ ደጋጊሙ ዝሪኡ ንስሙ ኢዩ ። የሃንስ ግን << ኢየሱስ ዝፈትዎ ዝነበረ >> ዝብል ከም መዓርግ ግን ከኣ ከም መጸውዒ ኣብ ስሙ ደሪቡ ብምጽሓፍ ስመይ እዚ ኢዩ በለ ።

ጎይታየ

ማርያም መግደላዊት ሞይቱ ከሎ << ጎይታየ >> በለት ። ሞይቱ ከሎ ከማን ጎይትኣ ከም ዝኾነ ኣመነት እወ ንሱ ከምዚ ኢሎም ንዝተሰነፍሉ ይስነፍ ። ብጣዕሚ ነኽብሮም ሰባት ተታሒዞም ክእሰሩ ፡ ናብ ቤት ፍርዲ ምስ ዝቐርቡ ፡ በቲ ናይ ቀደም ኣጸዋውዓና ዘይኮነስ ብዝተፈልየ ናይ ንዕቀት ኣጸዋውዓ ንጽውዖም ። እነኽብሮ ብኣካል ምስ ዝረኽቡና ጥራይ ኢና ፡ ምስ ተሰነፈ በቲ ናይ ቀደም ክብሩ ኣይነኽብሮን ። ንግዚኡ ዝተሰነፈ ዝመስል ፡ ክትንስእ ኢዩ ኢላ ዘይኣመነት ጎይታየ ምባላ ዘገርም ኢዩ ። ንሕና ትንሳኤኡ ዝኣመና ካብኣ ንላዕሊ ጎይታየ ክንብል ይግብኣና ። ንዕኡ ዘለና ፍቐርን ኣኽብሮትን ኪቃጽለናን ክንድደናን ይግባእ ። ሕጂ ውን ጎይታኣ ኢዩ ኣይሓፈረቶን ፡ ሞቱ ኣብኡ ዘለዋ ክብሪ ኣይቀነሰላን ። ንብዙሓት ዘሰናኸለ ሞቱ ኣየሰናኸላን ፡ ሞይቱ ከሎ ብፍቐሪ ዝገዝኣ ወዲ እግዚኣብሄር ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ ።

ብዙሓት ሰባት ፦ ዮሃንስ ኣብቲ ናይ መቓብሩ ስፍራ ስለ ሓንቲ ሰበይቲ መዝጊቡ ፡ ማርቆስ ግን ስለ ብዙሓት ኣንስቲ መዝገበ ዮሃ.20፡11-18, ማር.16፡1 ። ስለዚ ታሪኹ ልክዕ ኣይኮነን ይብሉ ። ግናኸ እዞም ወንጌላውያን ኣብ ዝተፈላለየ ኣገጣሚታት ከም ዝጸሓፍዎ ደኣ እምበር ምግጫው ኣየስምዕን ። ዮሃንስ ስለ ናይዘን ኣንስቲ ኩለን ብምምዝጋብ ሓሳቡ ክበታተን ኣይደለየን ሓሳቡ ፦ ብጽንዓት ንኢየሱስ ክርስቶስ እትረክብ ፡ ናይ ሓንቲ ሰበይቲ ስእሊ ንምዝካር ኢዩ ። በዚ ምኽንያት ናይ ዮሃንስን ናይ ማርቆስን ኣመዘጋግባ ዝተፈላለየ ይመስል ። ማርያም መግደላዊት ግን ፦ << **ኣይንፈልጥን** >> ዮሃ.20፥2 ብምባል ኣዘራርብኣ ምስኣ ካልኦት ከምዝነበራ ገለጸት ። ኣርባዕቲኦም ወንጌላውያን ትንሳኤኡ ዝመዝገቡ ትንሳኤኡ ዝረኣዩ ኣብ ዝተፈላለየ ኣገጣሚታት ነበረ ፡ እዚ ናይ ትንሳኤ ምሉእ ገጽ ንኽንርእይ ጠቂምና ኢዩ ። ንሓደ ነገር በርባዕተ ኣጋጣሚታት ምርኣይ ብዙሕ ስእሊ የዘኻኽረካ ።

ሞቱ እንዳ ኣመኑ

ትንሳኤኡ ኣይኣመኑን

ስለዚ ጴጥሮስን እቲ ኻልእ ወደ መዝሙር ወጺኦም ናብ መቓብሩ ከዱ ። ክልቲኦም ሓቢሮም ጎየዩ ፡ እቲ ኻልእ ወደ መዝሙር ካብ ጴጥሮስ ንላዕሊ ቀልጢፉ ንቅድሚት ስለ ዝጎየየ ቀዲምዎ ኣብ መቓብር በጸሐ ፡ ኣትኩር ኣቢሉ እንተ ጠመተ ከኣ ኣብኡ እቲ መግነዝ ረኣየ ፡ ግናኸ ኣይኣተወን ። ሽዑ ስምኦን ጴጥሮስ ደድሕሪኡ መጺኡ ናብቲ መቓብር ኣተወ ነቲ መግነዝ ውን ተነቢሩ ረኣየ ። እቲ ኣብ ርእሱ ዝነበረ መኣረምያ ከኣ ንበይኑ ተጠቕሊሉ ነበረ እምበር፡ ምስቲ መግነዝ ኣይነበረን ። ሽዕኡ እቲ ቅድም ናብቲ መቓብር ዝመጸ ካልእ ወዲ መዝሙር ኣተወ ርእዩ ድማ ኣመነ ።

ምኽንያቱ ነቲ ካብ ምዉታት ክትንስእ ይግባእ'ዩ፡ ዝብል ጽሑፍ ኣየስተውዓልዎን ነበሩ ። ሽዑ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ናብ ቤቶም ተመልሱ ዮሃ 20፡3-10 ።

ስምኣን ጴጥሮስ ዮሃንስን ፡ ማርያም መግደላዊት ዘምጻትሎም ናይ ምስራቕ ዜና ምስ ሰምዑ ገና ዘረብኣ ከይወደኦት ናብቲ ናይ መቓብር ቦታ ገስገሱ ። ዮሃንስ ብዕድመ ገና ጎበዝ ስለ ዝነበረ ናብቲ መቃብር ቦታ ቀዲምዎ በጽሐ ። ግናኸ ቀልጢፉ እኳ እንተ በጽሐ ናብ ውሽጢ ግን ኣይኣተወን ። ነገሩ እንታይ ይኸውን ? ኢሉ ንኸጻሪ ግን ናብ መቓብር ኣይኣተወን ። ቀዳማይ ብምብጽሑ ጥራይ ዓጊቡ ደው በለ ። ቀዳማይ ዝበጽሓሉ ጉያ ግን ወላሓንቲ ትርጉም ዘይብሉ ጉያ ነበረ ። ስምኣን ጴጥሮስ ግን በቲ ናይ ሽምግልና ዓቅሙ ሰንከልከል እንዳ በለ በጽሐ ። ብጉያ ካልኣይ እኳ እንተ ወጸ ፡ ካብ ዮሃንስ ንላዕሊ ግን ናብቲ ወሽጢ ክፍሊ መቓብር ብምእታው ናይ መግነዙ ጨርቂ ገላቢጡ ፡ ስጋ ክርስቶስ ከምዘየለ ተረድኦ ። ሽዑ ዮሃንስ ተኸቲልዎ ኣተወ ። ማርያም መግደላዊት ዝነገረቶም ሓቂ ምኺኑ ኣመኑ ። ኣስተውዕሉ ዝኣመኑ ግን ብትንሳኤኡ ዘይኮነስ ቅዱስ ስጋኡ ብምስራቅ ኢዩ ። ዝኣመኑ ብናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ሓይሊ ዘይኮነስ ፡ ብኽፍኣት ናይ ጸላእቱ ኢዮም ። ከም ዘየለ ድሕሪ ምርግጋጽም ናብ ቤቶም ተመልሱ ፡ ሳልሰይትን ናይ መወዳኣእታን ጎያዪት ማርያም መግደላዊት ግን ኣብኡ ካብ ትበጽሕ ንደሓር ንኢየሱስ ክርስቶስ ከይረኽብኩ ኣይንቀሳቐስን ኢላ ኣብቲ ናይ መቓብሩ ቦታ ምድላያ ቀጸለት ። ቀስ ኢልና ምስ እነንብቦ ንኢየሱስ ዝረኸበት እዛ ሰበይቲ ኢያ ።

ቀዳማይ ዝመጸን ካልኣይ ዝበጸሐን ኣይረኽብዎን ። ናይ መወዳእታ ጎያዪት ጅግና ሰበይቲ ግን ንኢየሱስ ክርስቶስ ረኸበቶ ። ኢየሱስ ክርስቶስ ዝርከብ ቀዳማይ ንዝወጹ ዘይኮነስ ንዝደሊዎን ቆሪጾም ንዝወጹን ኢዩ ። ቀዳሞት ብምብጻሖም ዝምከሑ ፡ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ብዙሕ ዘቕኣሩ ሰባት ሎሚ ንኢየሱስ ክርስቶስ ኣይረኣዩዎን ፡ ምንም ዝምከሕሉ ዘይብሎም ግን ንዑኡ ረኣዩዎ ። ንሱ ዝግለጽ ብብርቱዕ ዝናፍቅዎን ፡ ዝደልዩዎን ፡ ጸኒዖም ንዝጽበይዎን ኢዩ ማቴ 20፡1-16 ።

ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ሎሚ ውን ሰለስተ ዓይነት ሰባት ኣለዉ ፡-

1- ክፈልጡ ዘይደልዩ
2- መረጋገጺ ዝደልዩ
3- ምድሓን ዝደልዩ

1, ክፈልጡ ዘይደልዩ

ዮሃንስ ብጉብዝንኡ ተሓጊዙ ቀዳማይ በጽሐ ፡ ግናኸ ኣብ ኣፍ መቓብር ደኣ ደው በለ እምበር ናብ ውሽጢ ኣትዩ ክፈልጥ ኣይደለየን ፡ ብቐዳድ እንዳረአየ ኣብ ኣፈት ተረፈ

። ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ገና ኣንጊሆም ከም ዝመጹ ዝሓስቡ ኣብ ላፌት ዝቐሙ ግናኸ ንመንፈሳዊ ምስጢር ጥልቕ ኢሎም ክፈልጡ ዘይደልዩ ፡ እግዚኣብሄር ዝርከብ ብግርህነት ኢዩ ብዝብል ሓሳብ ዝነብሩ ብዙሓት ሰባት ኣለዉ ። እዞም ሰባት ስለ እግዚኣብሄር መንነት ስለ ናይ ክርስቶስ ስራሕ ንምፍላጥ ዝኾነ ዓይነት ድልየት ዘይብሎም ቀዳሞት ብምኳኖም ጥራይ ዓጊቦም ዝቐመጡ ኢዮም ። ካብ ፍልጠት ይርሕቁ ፡ ባህልን ሃይማኖትን ምፍላይ ክሳብ ዝስእኑ ይተሓዋወሶም ። ናይ ሃይማኖት ኣድነቕቲ እምበር ናይ እግዚኣብሄር ፈተውቲ ኣይኮኑን ። እዞም ሰባት እዚኦም ገለ እንተ ፈሊጦም ተሓተቲ ዝኾኑ ዝመስሎም ፡ እንተ ፈሊጥና ክንስሕት ኢና ዝብል ኣተሓሳስባ ዝኣሰሮም ንእግዚኣብሄር ብምግላጽ ዘይኮነስ ብመጋረጃ ከምልኽዎ ዝደልዩ ኢዮም ።

ንእምነት ፍልጠት ባሪያኡ ኢዩ ፡ ንዝፈለጥናዮ ንፈትዎ ፡ ንዝፈተናዮ ውን ንኣምኖ ንእግዚኣብሄር እንኣምኖ ስለ ንፈትዎ'ዩ ። ክንፈትዎ ዘኽኣለና ስለ ዝፈለጥናዮ ምኳኑ እዞም ሰባት ኣየስተውዓልዎን ። ቃል እግዚኣብሄር ፡ ናይ ፍልጠት ኣድላይነት ክገልጽ ከሎ ፡- ህዝበይ ኣነ ኣምላኽ ምኳነይ ሰኣን ምፍላጦም ይጠፍኡ ኣለዉ (ሆሴ 4፡6) ይብል ። ዘልኣለም ሂወት ከኣ ምስ ፍልጠት ዝተተሓሓዘ ምኳኑ ጎይታና ኣብ ጌተሰማኒ ኣብ ጸሎቱ ገለጾ ፡- << ናይ ዘልኣለም ሂወት ከኣ ፡ ኣምላኽ ሓቂ ንስኻ በይንኻ ምኳንካን እቲ ዝለኣኽካዮ ኢየሱስ ክርስቶስ ምኳኑ ምፍላጥ ኢዩ >> ዮሃ.17፡ 3 ። ጳውሎስ ውን እግዚኣብሄር ብምፍላጥ ዝምለኽ ኣምላኽ ምኳኑ ገለጸ ። ንምንታይ ? ምስ እንብል ሓቂ ስለ ዝኾነ ኢዩ ። ሰይጣን ኢዩ ሰዓብቱ ንኽይፈልጥዎ ዓይኖም ሸፊኑ ብድሕሪት ኮይኑ ዝምለኽ ንምንታይ ? ምስ እንብል ሓሶት ስለ ዝኾነ ኢዩ 2ቆሮ.4፡4 ። እግዚኣብሄር ንመፍለጢ መሳርያ ኣእምሮ ዝሃበና ፡ ፍልጠት ኣድላዩ ስለ ዝኾነ ኢዩ ። ተፈጥሮ ንባዕሉ ዉን ናይ ፍልጠት ኣድላይነትን ይትርኽልና ። ኣብ ውሽጢ ቤተ እግዚኣብሄር ብልማድ ምምልላስ ፡ ጥልቕ ዝበለ ናይ እግዚኣብሄር ሓሳብ ዘይምርዳእ ኣብ ኣፍ ደገ መንግስቱ ወይ ካብ መንግስቱ ወጻኢ ይጉበር ።

<u>መረጋገጺ ዝደልዩ</u>

ስምኡን ጴጥሮስ ብጉያ ካልኣይ ዝወጸ እኳ እንተኾነ ኣብ ኣፍ መቓብር ኣይተረፈን ። ናብ ውሽጢ ክፍሊ ኣትዩ ነቲ ጨርቂ ረኣየ ፡ ከምዘየለ ድሕሪ ምርግጋጹ ናብ ቤቱ ተመልሰ ። ጴጥሮስ ካብ ናይ ቃል ጭብጢ ናይ ዓይኒ መረጋገጺ ረኸበ ። በዚ ዓጊቡ ተመልሰ ። ጴጥሮስ ዝተጠቀመሉ ፖሊስ ዝጥቀመሉ ዓይነት ስራሕ ይመስል ። እቲ ዝሰምዖ ትኽክል ምኳኑ ድሕሪ ምርግጋጹ ምስ ዮሃንስ በሓንሳብ ተመልሱ ። ንማርያም መግደላዊት ከማን ከዕልላ ኣይፈቐደን ። ሎሚ ውን ኣብ ውሽጢ ቤት እግዚኣብሄር ንመንፈሳዊ ነገር ሓበሬታ ጥራሕ እምበር ንክዉንነት ዘየጽንዑ ኣመንቲ ዘይኮኑ ምሁራት ኣለው ። ክርስቶስ ተወሊዱ ፡ ተሰቒሉ ፡ ተንሲኡ ንዝብል ቃል ይቐበሉ ። እዚ ኩሉ ነገር ግን ንልቦም ኣይገዝኡን ፡ ስምዒቶም ኣይትንክፍን ፡ ነፍሱ

ንዝሃቦም ጎይታ ነፍሶም ክህቡ ኣይገበሮምን ፡ ፍቅሩ ኽማርኾም ኣይፈቐዱን ። ቅዱስ ያዕቆብ ኣብ መልእኽቱ ናይ ፍልጠት እምነት ከምዘሎ ንኽረጋግጽ ፡ ካብ ናይ ኣጋንንቲ እምነት ዝተፈልየ ከምዘይኮነ ይገልጽ ። <<ንስኻስ ኣምላኽ ሓደ በይኑ ምኽኑ ትኣምን ኣለኻ ፡ ጽቡቕ ገበርካ ፡ ኣጋንንቲ ውን ያምኑን ይንቕጥቀጡን ኢዮም ። ግናኸ ኣታ ከንቱ ሰብ እምነት ብዘይ ግብሪ ምውቲ ምኽና ክትፈልጥ ዶ ትደሊ ኣለኻ ? ይብል ያዕ.2፡19-20 ።

ክድሕኑ ዝደልዩ

ማርያም መግደላዊት ንኢየሱስ ክርስቶስ ብብርቱዕ ትደልዮ ነበረት ። ንዕኡ ከይረኸበት ናብ ቤታ ምእታው ጸሊኣ ፡ ንጫካ ቤተይ ኢላ ተቐበለቶ << ጎይታየ >> እንዳበለት ዝመስከረትሉ ፡ ንብዓታ ተፍስሰሉ ነበረት ። ዋላ መላእኽቲ እንተ ተገለጽዋ ንዕኡ ግን ክትክእሎ ኣይከኣሉን ። ንዕኡ ክሳብ ትረክብ ዕረፍቲ ኣይነበራን ። ኣብ መወዳእታ ግን ረኺባቶ ብሓጎስ ተመልሰት።

ንኢየሱስ ክርስቶስ ፈሊጦም ዝደልይዎ ፦ << መታን ክኣምን ርእስኻ ግለጸለይ ፡ ፍቅርኻ ይግዝኣኒ ፡ ህልውናኻ ይሰማዓኒ ፡ ምድህሳስካ ይፈውሰኒ >> እንዳበሉ ብንብዓት ይደልይዎ ። እዞም ሰባት ስለ ናይ ዘልኣለም ሂወት ንዕኡ ዝደልዩ ኢዮም ። ናይ ገዝኦም ኣስቢዛ ንምምላእ ጥራይ ንክርስቶስ ዝደልዩን ፡ ናይ ዘልኣለም ሂወትን ንዑኡን ዝደልዩን ክልተ ዓይነት ሰባት ኣለዉ ። ንሕና' ኸ ካበየኖት ንኽውን?

ዮሃንስ ውንጌል ክጽሕፍ ከሎ ፦ ሽዑ ስምኡን ጴጥሮስ ድማ ደድሕሪኡ መጸ ፡ ናብቲ መቓብር ከኣ ኣተወ ! ኑቲ መጋንዝ'ውን ተነቢሩ ረኣዮ ። እቲ ኣብ ርእሱ ዝነበረ መኣረምያ ከኣ ንበይኑ ተጠቕሊሉ ነበረ እምበር ምስቲ መጋንዝ ከምዘይ ነበረ ረኣየ ፣ ይብል ዮሃ.20፣6-7 ።

ናይ ጎይታና ቅዱስ ስጋኡ እንተ ዝስረቐ ኔሩ እቲ መግነዝ ምስኡ ምኸደ ኔሩ ወይ ከኣ ተበታቲኑ ምተቐመጠ ኔሩ ። ኮይኑ ግን ጴጥሮስ ክኣቱ ከሎ ናይ ርእሱ መኣረምያ ከማን ሓፍ ኢሉ መንፋሕቱ ከይቀነሰ ከይተዓማጸጸ ረኺብዎ ። ጎይታና መግነዝ ፍትሑለይ መቓብር ክፈቱለይ ከይበለ ተንስኣ ። ካህናት ኣይሁድ ሞት ክሕዞ ዘይከኣለ ሓላዊ ክሕዞ ኢዩ ኢሎም ብምሕሳቦም ዓቢ ዕሽነት ኢዩ ። ቀቲልናዮ ኢሎም ንዝተሓጎሱ ትንሳኤኡ ፦ << ብሓቂ ከም ዘይመውት >> ገለጸ ። ብርግጽ ሞቱ ናይ ህልውና መጨረሽታ ዘይኮነስ ምንጪ ናይ ሓደ ዓቢ ሂወት መበገሲ ነበረ ። ብሞቱ ንዝሓዘኑ ትንሳኤኡ ሓጎስ ሃቦም ። ናይ ትንሳኤኡ ሓይሊ ክልተ ሽሕ ዓመት ተሳጊሩ ካብ ሓጢኣትን ፍቓድ ስጋን ልዒልና ክነብር ይረድኣና ።

ብፍጹም ልቢ ምድላይ

ድልየትና ገደብ ዘይብሉ ምኽኑ ሓደ ክፉእ ጎኒ ክኸውን ከሎ ፡ ድልየታትና ንምምላእ ረኺስና ምርካስና ፡ ሞይትና ምቕታልና ! ጠፊእና ምጥፋእና ድማ ተወሳኺ ዘሕዝን ጎኒ ኢዩ ። ካብ ኩሉ ዘሐዝን ግን ኣብ ውሽጢ እቲ ቁጽሪ ዘይብሉ ድልየታትና ንጎይታ ዘይምድላይና ኢዩ ፡ ኣይኮነን ዋጋ ክንከፍለሉ ንዝኽፈለልና ዋጋ ከማን ኣይተረዳኣናን ። ኣብ ሂወትና ተሓዋዊስና ዘሎ ንቐዳማይ ካልኣይ ንኻልኣይ ከኣ ቀዳማይ ጌርና ብምንባርና ኢዩ ።

እግዚኣብሄር ቀዲሙ ዘይሓለፎ ነገር ኩሉ ሰላም የብሉን ፡ ዕረፍቲ ዘይህብ ኢዩ ካብ ሞት ዝተንስኣ ጎይታ ንናይ ግሊ ሂወትና ፡ ንዓወትና ፡ ንሕብረትና የድልየና ኢዩ

- ክርስቶስ ዘይብሉ ሂወት መኣዛ የብሉን ።
- ክርስቶስ ዘይብሉ ሕብረት ሂወት የብሉን ።
- ክርስቶስ ዘይብሉ ምንዮት ዕረፍቲ የብሉን ።
- ክርስቶስ ዘይብሉ ስልጣን ናጽነት የብሉን ።
- ክርስቶስ ዘይብሉ ተግባር ፍጻሜ የብሉን ።
- ክርስቶስ ዘይብሉ ፍልጠት ምስትውዓል የብሉን ።
- ክርስቶስ ዘይብሉ ጥበብ ቅድስና የብሉን ።
- ክርስቶስ ዘይብሉ ሓይሊ ደገፍ የብሉን ።
- ክርስቶስ ዘይብሉ ልግሲ ሓጎስ የብሉን ።
- ክርስቶስ ዘይብሉ ዓወት ዕግበት የብሉን ።
- ክርስቶስ ዘይብሉ ዝና ሰላም የብሉን ።
- ክርስቶስ ዘይብሉ ሃገር ውሕስነት የብሉን ።
- ክርስቶስ ዘይብሉ ፍርዲ ፍትሒ የብሉን ።
- ክርስቶስ ዘይብሉ ምምኽኻር ሓድነት የብሉን ።

ንሱ ዘይብሉ ጽቡቕ ነገር ከማን ናይ ገዛእ ርእሱ ጽቡቕን ሓጎስን የብሉን ። ስለዚ ንዕኡ ምድላይ ናይ ነፍሲ ወከፍ ነፍሲ ጽምኣት ኢዩ ። ንዕኡ ምድላይ ዓቢ ጥበብ ኢዩ ፡ ንክርስቶስ ምርካብ ድማ ዓቢ ዓወት ኢዩ ።

ማርያም መግደላዊት ንኢየሱስ ክርስቶስ ብጻዕሪ ኢያ ደልያቶ ። ናቱ ናይ ቀረባ ደቂ መዛሙርቱ እኳ ምድላዩ ኣቋሪጾም ናብ ቤቶም እንተ ተመልሱ ንሳ ግን ተስፋ ቆሪጻ ኣይተመልሰትን ። ብልባ ካብ ጴጥሮስን ዮሃንስን ንላዕሊ ዶ ቀሪበዮ ኮይነ ፡ ናብ ገዛይ ተመሊሰ እቲ ዝኾነ ነገር ኣብ ገዛይ ኮይነ ክሰምዖ ይሕሸኒ ኣይበለትን ። ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ዝኣክል ህዝቢ ሓደ ደላዪ ዝሰኣነ ጎይታ ንበይና ምድላይ ጀመረት ። ንዕኡ ብሓቂ ንዝደልዩ ናይ ዘመናት ፈተንኡም በይናውነት ወይ ተነጽሎ ኢዩ ። ዓበይቲ ዝበሃሉ ሰባት ፡ ብዙሕ ዝተማህሩ መራሕቲ መንፈሳውያን ኣብ ዘይብሉ ግዜ ንኢየሱስ ክርስቶስ ምድላይ ምስትውዓል ኢዩ ። ኣብ ዙርያና ዘለዉ ቤተሰብና ፡- <<

ንስኻትኩም እንታዎት ኢኹም ? ንስኻትኩም መን ስለ ዝኾንኩም ኢኹም ? እቶም መራሕቲ ዋናታቱ ስቕ ኢሎም ከለዉ ንስኻትኩም ስለ ክርስቶስ ክንድዚ ዘተሓሳስበኩም ? ክብሉና ይኽእሉ ኢዮም ። ኣብ ናይ እግዚኣብሄር መንግስቲ ግን እቲ ዘድልየና ኢየሱስ ክርስቶስ ከመይ ከም ዝፈትወና ምፍላጥ ኢዩ ዘገድስ ፡ ክርስቶስ ዝኸብር ብማዕርግ ዘይኮነ ብዝተቓጸለ ልቢ ኢዩ ። በይናውነት ከይተሰምዓ ንክርስቶስ ትደሊ ዝነበረት ሰበይቲ ጽንዓታን ፍቕራን ሎሚ ይግስጸና ኢዩ ። ንሱ ዘይብሉ ናይ ብዙሓት ጥርናፈ ኣብ ውሽጢ መቓብር ከም ዘለዉ ናይ ምዉታት ሓወልቲ ኢዩ ። ካብ ንሱ ዘይብሉ ኣብ ዝሞቐ ከተማ ምንባር ንዕኡ ፈቲኻ ኣብ ዱር (ጫካ) ምንባር ይበልጽ ።

ንምኻኑ እንታይ ኢዩ ናብ ጎይታ ዘጉይያ ዘሎ ? እዛ ሰበይቲ ሾብዓተ ኣጋንንቲ ብጭንቀት ኣሲሮም የሳቐይዋ ነበሩ ። ካብዞም ሸውዓተ ገዛእቲ ንሂወታ ነጻ ኣዉጺኡ ፡ ናይ ምንባር ጣዕሚ ዘጀመራ ወዲ እግዚኣብሄር ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ ሉቃ.8፡2 ። ቅድም ዘንበብክዋ ብዛዕባ ሾብዓተ ሰይጣናዊ ዓይነት ኣገዛዝኣ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ ይዝክር ። እዞም ገዛእቲ ዝቐተልዎም ብዓቕሚ ሰብ ክትንተን ዝከኣል ኣይኮነን ። ናይ ምስቓዮም ኣገባብ ከማን ክትዛረበሉ ዘደንጹ ኢዩ ግን ሰባት ኢዮም ። ናይ ሰብ ጨካን ገዛኢ ፡ ጭካኔኡ ተተንቲኑ ዘይውዳእ ካብ ኮነ ፡ ናይ ሾብዓተ ገዛእቲ ኣጋንንቲ ኣብ ሓደ ሰብ ምስ ዝሓድሩ መከርኡ ዓቢ ኢዩ ሸንባይ ሾብዓተ ንምሉእ እጓንዳ ከማን ኣዲ ኢማም ኣይከኣለቶን ። ሓንቲ ማርያም መግደላዊት ግን ሾብዓተ ኣጋንንቲ ሓዲሮማ ትሳቐ ነበረት ። ካብዞም ጨካናትን ፡ ርኹሳትን ምሕረት ዘይብሎም ገዛእቲ ኣላቒቑ (ኣናጊፉ) ብፍቕርን ብይቕሬታን ዝገዝኣ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ ። ብሓቂ ዝገበረቶ ኩሉ ከኣ ምስ ዝገበረላ ዝነጻጸር ኣይኮነን ። ዝገበረቶ ኩሉ ናይ ውዕለቱ መዘከርታ ክኸውን እምበር ክፍሊት ክኸውን ብፍጹም ኣይክእልን ኢዩ ። እዚ ዝረኸቦቶ ውዕለት ፡ ጸጥታን ድቃስን ከልኣ ፡ ንሱ ሞይቱ ዝሃባ ናጽነት ዘይመውት ነበረ ። ብትእዛዝ ቃሉ ንስጋኣ ኣብ ምድሪ ካብ ዝገዝኡ ኣጋንንቲ ነጻ ኣውጽኣ ፡ ብሞቱ ድማ ነፍሳ ኣብ ሲኦል ካብ ዝገዝኡ ጨካናት ኣድሓና ።

ዮሃንስ ክጽሕፍ ከሎ ፡- ማርያም ግና ኣብቲ ኣፍ መቓብር ደው ኢላ ትበኪ ነበረት ዮሃ.20፡11 ይብል ። ኣበሃህልኡ ንሕና ኩላትና እኳ ናብ ገዛና እንተ ኸድና ማርያም ግን ብንብዓት ትደልዮ ነበረት ብዝብል ናይ ነብስኻ ምውቃስ ዓይነት ኣጸሓሕፋ ጽሓፈ ። ንምንታይ ኢያ ? ዝበኸየት ምስ እንብል ናይ ሂወተይ ጎይታ ሞይቱ ፡ ናይ ነፍሰይ ኣላይ ጠፊእኒ ኢላ ኢያ ። ከምዚ ሰብ ንሰብ ክገብሮ ዝኽእል ይኸውን ፡ ንፈተውትና ኣብ መቓብር ብዙሕ ግዜ በኺናሎም ንኸውን ። ንሰብ ዝገበርናዮ ነገር ግን ንነይታና ብዘይምግባርና ኹላትና ድኻም ኣለና ። ነዚ ኢያ ማርያም መግደላዊት ዘተግበረቶ ፡ ብኽያታ ናይ ግፍዒ ግፍዒ በጽሐ ብዝብል ስምዒት ነበሮ ። ምቕታሎም ከይኣክሎም'ሲ ንምንታይ ንስጋኡ ይወስድዎ ብምባል ጉህያ ነበረት ፡ ካብ ዝኾነ ዘመን ንላዕሊ ደቂ ሰባት ሎሚ ይበኽዩ ። ብኽያቶም ግን ከም ናይ ማርያም መግደላዊት ንኢየሱስ ክርስቶስ ንምርካብ ኣይኮነን። " እንዳ

በኽየት ናብቲ መቓብር ጠመተት ፡ ኣብ'ቲ ስጋ ኢየሱስ ዝነበሮ ጻዕዳ ክዳውንቲ ዝተኸድኑ ክልተ መላእኽቲ ፡ ሓደ ብትርኣስ ሓደ ብትርጋጽ ረኣየት " ዮሃ 20፡11-12 ። እቶም መላእኽቲ ዝመጹ ትንሳኤኡ ንምብሳር ደኣ'ምበር ካብ ሞት ክትንስእ ከሕግዝዎ ኣይኮኑን ፡ ሞት ንዘይ ሕዞ ጅግና ኽሰብኩሉ መጹ ። ናይ ክርስቶስ ሞትን ትንሳኤን ንመላእኽትን ሰብን ምስጢር ኮኖም ። ንመላእኽቲ ሞቱ ምቕባል ይኸብዶም ፡ ንሰባት ድማ ትንሳኤኡ ምቕባል ይኸብዶም ። መላእኽቲ ኣብ ልደቱን ትንሳኤኡን ኣይተፈልዩን ። ልደትን ትንሳኤኡን ዘበሰሩ ከኣ ነንስቲ ኢዮም ። ልደቱ ንቅድስቲ ድንግል ማርያም ፡ ትንሳኤኡ ድማ ንማርያም መግደላዊት ሰበኹ ።

ኣብ ጥቃ መስቀል ጎይታና ብዙሓት ኣንስቲ መሪር ብኽያት ይበኽያ ነበራ ዮሃ 19፡25 ። ትንሳኤኡ ነንስቲ ምብሳሮም መከራኡ ዝተኻፈላ ፡ ሓጎሱ'ውን ክካፈላ ስለ ዝግበአን ኢዩ ። ሎሚ ውን ናይ ክርስቶስ ሓጎስ ንምክፋል ንስለ ስሙ ዝመጽእ መከራ ብዓቅሊ ምቕባል የድሊ ። ምስኡ መከራ ምስ ንቕበል ምስኡ ክንከብር ኢና ሮሜ 8፡17 ።

እቶም መላእኽቲ ብርቱዕ ዝኾነ ሕቶ ሓተትዋ ኣቲ ሰበይቲ እንታይ የብኪየኪ ኣሎ በልዋ ዮሃ.20፡13 ። ብኽያት ሓደ ነገር ኢዩ ። ብኽያት ንበይኑ ንትኽክለኛ ሓበሬታ ኣይከውንን ። ንብዓት እንዳኣፍሰሱ ስለምንታይ ይበኽዩ ኣለዉ ዘይፈልጡ ኣለዉ ። ብዙሓት መምሰልቲ ንጥቅሞም ኢሎም ብንብዓቶም ንሓቂ የጸልምትዋ ። ንብዓት ንበይኑ ናይ ሓቂ ማሕተም ኣይኮነትን ፡ ሓሰውቲ ዉን ፍርዲ ንምቕናንን ዝጥቀምሉ ሜላ ኢዩ ። ሓደ ሓደ ግዜ ዉን እንተነቢዕካ ኪድ ሰበይታይ ኢሎም ዝጻረፉ ኣይሰኣኑን ። ንበኪ እንተለና ንምንታይ ትበኽዩ ኣለኹም ? ንበሃል እምበር ዝደለኽሞ ሕተቱ ክኾነልኩም ኢዩ ኣይንበሃልን ። ዘብክየና ኩሉ ትኽክለኛ ኣይኮነን ፡ ንዘለና ነገር ብዘይምፍላጥ ዘይብልና መሲልና ክንበኪ ንኽእል ኢና ። ብርግጽ ስለ ዝተሸገርና ዘይኮናስ ትማሊ ዝረዳእናዮም (ዝደገፍናዮም) ሰባት ስለ ዝበለጹና ክንበኪ ንኽእል ኢና ። ብኽያትና ጠምየ ዘይኮነስ ኣይጸገብኩን ዝብል ክኸውን ይኽእል ኢዩ ። ብኽያትና ስለ ዝተጎዳእና ዘይኮነስ ንምንታይ ይትንከፍ ? ዝብል ክኸውን ይኽእል ኢዩ ። እወ ብዙሓት በኽይቲ ሎሚ ውን ኣለዉ ። ግን ንምታይ ይበኽዩ ? ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ጸጋን ፍቕርን ንምጉንጻፍ ዲዩ ?

ማርያም መግደላዊት ዝበኽየትሉ ምኽንያት ጸጋ ስኢነ ዝብል ኣይነበረን ። ነቲ በዓል ጸጋ ስኢነዮ ዝብል ኢዩ ዝነበረ ። መልሳ ፦ << ንጎይታይ ወሲዶሞ ኣበይ ከምዘንበርዎ ኣይፈልጥን በለቶም >> ዮሃ. 20፡13 ። ሕጂ ውን ጎይታየ በለቶ ! እንተ ሞተ ውን ጎይታኣ 'ዩ ። ካብዚ ንደሓር ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ተሰዊሩ ስቕ ክብል ኣይኮነሉን ፡ ምኽንያቱ ንሱ ብሓቂ ንዝደልይዎ ናይ ቀረባ ኣምላኽ ስለዝኾነ ። ንሳ ኣይረኣየቶን ንሱ ግን ረኣያ ፡ ንሱ ኣይተሰርቀን ፡ ንሞት ብዓወት ኣልዒሉ ተንስአ ። ንሱ ኣብ ናይ መቓብር ስፍራ ኣይድለን ፡ ኣብ ትሕቲ መሬት የለን ፡ ንሱ ካብ

ሰማያት ንላዕሊ ገነነ ። ኢየሩሳሌም ዝገፍዓቶ ዝንኡ ናብ ኩሉ ዓለም ወጸ ። ንሱ ንሞቱ ዝኸውን ሽቱ ዘይኮነስ ንህያውነቱ ዝቐርብ ናይ መስዋእቲ ምስጋና ዝቐበል ኢዩ ። እዚ ፈቃር ጎይታ ናይ ማርያም ስቓይ እናረአየ ስቕ ክብል ኣይኮነሉን ። ብጉልበት ሓይሉ ንኹሉ ዝረትዕ ኢዩ ፡ ብፍቕሪ ግን ብኹሉ ይስነፍ ኢዩ ። ስለዚ ተገለጸላ << እዚ ኢላ ንድሕሪኣ ግልጽ በለት እሞ ንኢየሱስ ደው ኢሉ ረኣየቶ። ኢየሱስ ከምዝኾነ ግና ኣይፈለጠትን ። ኢየሱስ ከኣ ፡- ኣቲ ሰበይቲ ፡ እንታይ የብክየኪ ኣሎ ፡ ንመንሲ ትደልዪ ኣለኺ በላ ዮሃ.20፡15 ። ናይቶም መላእኽቲ ሕቶ ደገመላ ዘፍርሕ ሕቶ'ዩ ። ንመን ደሊኺ ትበኽዪ ኣለኺ ? በላ ። "ንመን" ንህያው ዝጥቀስ ኢዩ ። "እንታይ" ግን ንግኡዝ ነገር ዝጥቀስ ኢዩ ። ንሕና እንተ ንኸውን "እንታይ" ደሊኺ ? ትበኺ ኣለኺ ምበልና ኔርና ።

ማርያም መግደላዊት ግን ኣይፈለጠቶን ። " ንሳ ከኣ ሓላዊ ኣትክልቲ መሲልዋ ጎይታይ ፡ ንስኻ ኣልዒልካዮ እንተ ኮይንካስ ፡ ኣነ ክወስዶ ኣበይ ከም ዘንበርካዮ ንገረኒ በለቶ " ዮሃ.20፡15 ። እዚ ቃል እዚ ክጽሕፍ ከለኹ ሓይለይ ደኸመ ፡ ሰብነተይ ተፈላለየ ። ልበይ ብቕዱስ ፍርሓት ረዓደ ፡ ቁሩብ ተከዝኩ ፡ ንብዓት ውን ፈተነኒ ። ንኣምላኽይ ከምዚ ብምባል ሓተትኩዎ ፡- "ጎይታየ" ! ንዘይጠቕምን ነገር ዕግበት ንዘይብሉን ክደሊ ብዙሕ ዘመን ኣቑጺረ ኣለኹ ። ብናይ ፍቕርኻ ሓይሊ ፡ ግን ሎሚ ኣነ ኣይተሰነፍኩም ፡ እዛ ሰበይቲ ከማን ንቅዱስ ስጋኻ ንምኽባር ደለየቶ ፡ ኣነ ግን ንህያውነትካ ኣይተገዛእኩን ። ንዝጎድኣኒ ሓጢኣት ሰቂለ ክእዘዘካ ኣይከኣልኩን ። ወይ ኣነ ፡ ነዚ ፍቕሪ እዚ ተሓሲመ ብምንባረይ ፡ ነዚ ዕብየት ከይርኢ ብምዕዋረይ ፡ በጃኻ ይቕረ በለለይ !

ጎይታና ዝተቐብረሉ ቦታ ኣዝዩ ግሩም ናይ ኣትክልቲ ቦታ ነበረ ። ብሂወቱ ከሎ ግና ርእሱ ዘጸግዓሉ እኳ ኣይነበሮን ማቴ.8፡20 ። መቓብሩ ግን ምስ ሃብታማት ኮነ ኢሳ.53፡9 ። ብሂወቶም ከለዉ ሓደ ዘጸናንዕ ሰብ ስኢኖም ፡ ኣብ ዕለተ ሞቶም ግን ሽሕ ቀባሪ ዝረኽቡ ብዙሓት ኢዮም ። ብሂወቶም ከለዉ ሓንቲ ባኒ ስኢኖም ዝሞቱ ፡ ኣብ መዓልቲ ቀብሮም ግን ብዕራይ ዝሕረደሎም ቁጽሪ የብሎምን ። ብሂወቶም ከለዉ ናሕሲ ናይ ገዝኡም ዝፈረሶም ፡ ምስ ሞቱ መቓብሮም ስሚንቶ ዝግበረሉ እልፊ የብሎምን ። ብስቓይ ነቢሮም ብኽብሪ ንዝተቐብሩ መከረኛታት ኢየሱስ ክርስቶስ ዉን መከረኡም ጠዓመሎም ። ዝኸበረ ቀብሪ እምበር ዝኸበረ ናብራ ንዘይብላ ዓለም መከራኣ ጎይታና ረኣየልና ። ብሓቂ ወገናትና ሓሚሞም ሃለዋቶም ክንገብር ዘይጥዕመና ምስ ሞቱ ግን ንቐብሮም ዝጥዕመና ፡ ብጥሜት ክሳቐዩ ግዲ ዘይብልና ምስ ሞቱ ግን ምልኩዕ ናይ ሬሳ ሳንዱቅ ክንገዝእ ፡ ብሂወቶም ከለዉ ንሃድም ምስ ሞቱ ግን ንሬስኡም ንዕጅብ ፡ ካብኡም ሰብ ኣብ ዘይብሉ ብጸልማት ተማሂርና ፡ ብሂወቶም ከለዉ ኣብ ኣደባባይ ዘይተረኽብና ምስ ሞቱ ክንቀብር ናብ ኣደባባይ ንወጽእ ፡ ባዕልና ቀቲልና ሞይቱ ኢልና ንዓለም እንእውጅ ንሕና ኢና ። እዚ ኹሉ ተግባርና ብኽብሩ ንዝተቐመጠ ጎይታ ከም ምሽክዕላል ኢዩ'ሞ ንሰሓ ንእቶ !

ረቡኒ

ማርያም መግደላዊት ንዕኡ ንነይታና ፦ " ነይታየ ፦ ንስኻ ወሲድካዮ እንተ ኾይንካስ ኣነ ክወስዶ ኣበይ ከም ዘንበርካዮ ንገረኒ " ዮሃ 20፡15 በለቶ ። ንሙኻኑ ክትሽከሞ ትኽእሎ ዲያ ? ወሲዳስ ከ ኣበይ'ያ ክትገብሮ ? ፍቅሪ ግን ካብ ምኽኣል ንላዕሊ ይሓልፍ !! በዚ ግዜ እዚ ነይታና ኢየሱስ ርእሱ ክስውር ኣይከኣለን ። " **ማርያም** " በላ ! ንሳ ብኣካል ተገሊጹ ክሓታ ከሎ ኣይፈለጠቶን ፡ ብስማ ምስ ጸወዓ ግን ፈለጠቶ ። ናቱ ኣጸዋውዓ ካብ ናይ ካልኦት ኣጸዋውዓ ዝተፈልየ ኢዩ ። ቅላጺኡ ናይ ድምጹ ቃና ፡ ናይ ቃላቱ ዘልኣለማዊ ፍቕሪ ዝተመልአ ኢዩ። በዚ ቃና'ዚ ምስ ጸውዓ ነፍሳ ፈጥፈጥ በለ ፡ ልባ ተቓጸለት ። ከምዚ ዝፈጥሩ ቃላት ንሓዘና ከም ግመ ብቅጽበት ክብተኑ ተሰመዓ ። እዚ ድምጺ እዚ ቅድሚ ሰለስተ መዓልቲ ትፈልጦ ኢዩ ። እዚ ድምጺ እዚ ፦ ዘንብረኒ ፡ ዕድመይ ዝቀጸለለይ ፡ ናይ ምንባር ድሌተይ ዝወሰኸለይ ፡ ንርእሰይ ዋጋ ክህቦ ዝገበረኒ ኢዩ ። ብፍጹም ፍቅሪ ከምዚ ኢሉ ዝጽውዕ ከም ኢየሱስ ክርስቶስ ዝበለ ማንም የለን ኢላ ፦ " **ረቡኒ** " በለቶ ። ብእብራይስጢ መምህረይ ማለት ኢዩ ።

ንደቂ መዛሙርቱን ነቶም መልኣኽትን " **ነይታየ** " ኢላ ገሊጻትሎም ንዕኡ ግን መምህረይ በለቶ ። ንሱ ብርግጽ ነይታን መምህርን ኢዩ ። ካብ ዓለም ካብ ዝርከቡ ነይቶት ንዕኡ ፍሉይ ዝገብሮ ብፍቕሪ ፡ ብርህራሄ ፡ ዝገዝእ ነይታ ምኽኑ ኢዩ ። መምህርነቱ ካብ መምህራን ዝተፈልየ ኢዩ ። << ዝልዉጥ ፍቅሪ >> ኣብ ዝብል መጽሓፍ ብኽምዚ ተገሊጹ ኣሎ፦

<<ንዓቢ መምህር ክርስቶስ ፍሉይ ካብ ዝገብሮ ፦

1. <u>ናብ ልቢ ቀሪቡ ዝዛረብ ምኽኑ</u>፦ ኣብ ዓለም ዝርከቡ መምህራን ንኣእምሮና ይዛረቡ ይኾኑ ። ክርስቶስ ግን ንልብና ቀሪቡ ይዛረብ ። ንሱ ንኣብ ልብና ዘሎ ድምጺ ይዛረብ ። << ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ውሽጢ ልብና እንተዘይ ተዛሪቡ ምጽንናዕና ኩሉ ከንቱ ኢዩ ። ንሱ ግን ሓንቲ ቃል ምስ ዝዛረብ ዓቢ ምጽንናዕ ይስምዓና >> ።
2. <u>ዝድግፍ ምኽኑ</u> ፦ ኣብ ዓለም ዝርከቡ መምህራን ዝመሃርዎ ትምህርቲ ተመሃሮኦም ንኽነብርሉ ክድግፍዎም ኣይክእሉን ። እቲ ዓቢ መምህር ክርስቶስ ግን ዝመሃሮም ትምህርቲ ንኽነብርሉ ንኣመንቱ ይድግፎም ።
3. <u>ብሂወት ዘስተምህር ምኽኑ</u>፦ ዝኾነ መምህር ብሰሌዳን ብብርዕን እምበር ሂወት ምምሃር ኣይክእልን። ክርስቶስ ግን ሂወቱ የሕሊፉ ዘስተምህር በይኑ መምህር ኢዩ ። ተዋግኣይ ናፖልዮን ከምዚ ኢሉ ተዛረበ ይበሃል ፦ << ኢየሱስ ክርስቶስ ብኣካል ኣብቲ ቦታ ምርካብ ከየድለዮ

ንኣመንቱ ምእዛዝን ምግዛእን ከኣለ ። ዝልውጥ ፍቕሪ ፡ ገጽ 23 ፡ 1997 ዓ.ም. ።

ንኢየሱስ ክርስቶስ ጎይታየ እንብሎ ገዚእኒ ሂወተይ ለዊጥዎ ማለትና ኢዩ ። ንርእሱ ምግዛእ ዝተሳእኖ ዓለም ናባና ምስ ዝመጽእ ነዚ ናይ ሂወት ምስክር ኢዩ ዝርእይ ። ኣብታ ጥንታዊት ቤተ ክርስትያን ካብ ዝተፈልጡ ምስክርነት ሓደ ፡- **“ኢየሱስ ጎይታ ኢዩ”** ዝብል ኢዩ ። ጳውሎስ ነዚ ቃል ኣብ ክልተ ቦታ ገሊጽዎ ኣሎ ፡- ብኣፍካ ኢየሱስ ጎይታ ምኺኑ እንተ መስከርካ ፡ ብልብኻ’ውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ ክትድሕን ኢኻ ሮሜ.10፥9-10 ይብል ። ከምኡውን ፡- ስለዚ ከምቲ ብመንፈስ ኣምላኽ ዝዛረብ ፡- ኢየሱስ ርጉም ኢዩ ክብል ዘይክእል ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ እንተዘይ ኮይኑ ድማ ኢየሱስ ጎይታ ኢዩ ክብል ዝኽእል ሓደ እኳ ከም ዘየለ ኣፍልጠኩም ኣለኹ ፡ቆሮ.12፡3 ይብል ።

ኣብቲ ሽዑ ዘመን ዝነበረ ግኑን ናይ ዓለም ገዛኢ ኔሮን ቄሳር ምስሉ ኣስሪሑ ንኩሉ ሰብ የስግድ ነበረ ። ኣብ ኩሉ ቦታ ፡- “ ቄሳር ጎይታ’ዩ ” እናተባህለ ብመንፈስ ይስገደሉ ነበረ ። እቶም ናይ መጀመርታ ክርስትያን ከኣ ከምዚ ዝበለ ንጉሳዊ ትእዛዝ ክሕደት ኢዩ ብምባል ኣብ ኣደባባይ ኣወጁ ። “ኢየሱስ ጎይታ ኢዩ” ብምባል ከኣ ብዓወታ ይምስክሩ ነበሩ ፡ ምስክርነቱ ግን ናይ ሂወት መስዋእትነት ዝሓትት ፡ ንእሳትን ሰይፍን የሕሊፉ ዝህብ ነበረ ። “ ኢየሱስ ጎይታ’ዩ ” ዝብል ቃል ሎሚ ንሓደ ሓደ ተኽተልቲ እምነት ፈኺራ ፡ ንሰበኽቲ ድማ ስብከት ክጠፍኦም ከሎ ንጉባኤ መዳመቒ ክጥቀምሉ ከለዉ ይገርም ። ኣብ ዘመኑ ግን ዋጋ ዘኽፍል ምስክርነት ነበረ ። ሎሚ ውን ብቃል ዘይኮነስ ናይ ሂወት ምስክርነት ከም ዘድሊ ምርዳእ የድሊ ። ጎይታ ኮይኑ ካብ ሓጢኣትን ወልፍን ኣላቒቕና ዝብል ምስክርነት ዝሓዘለ ክኸውን ይግባእ ። ምኽንያቱ ንዘይተገዛእናዮ ኣምላኽ ጎይታ’ዩ ኢልና ብቓል ጥራይ ምምስካር ስለ ዘይነኽብሮ ጥራሕ ኢዩ ። ቃላትና ናይ ሂወትና መግለጺ ምስ ዝኸውን ክብሪ ኣለዎ ፡ ቃላትና ናይ ሂወትና መሸፈኒ እንተ ኮይኑ ግን ውርደት ኢዩ ።

ማርያም መግደላዊት ንደቂ መዛሙርቱን ነቶም መልኣኽትን “ጎይታየ” ብምባል መስከረትሎም ። ብርግጽ ካብ ሽውዓተ ጨካናት ገዛእቲ ዘላቐቓ ፡ ብፍቕሪ ሂወታ ዝለወጠላ ጎይትኣ ነበረ ። ንዓኣ ግን ጎይትኣ ጥራይ ዘይኮነ መምህራ ውን ነበረ ። ንኢየሱስ ክርስቶስ “ ጎይታየ ” ምባል ቀሊል ክኸውን ይኽእል ኢዩ መምህረይ ምባል ግን ከቢድ ኢዩ ፡ ፍጹም ርእስኻ ምሃብ ይሓትት ። ንኢየሱስ ክርስቶስ ጎይታ ምግባር ንማሕበራዊ ረብሓ ጽቡቕ ኢዩ ፡ ንሱ ጎይታ ምስ ዝኾነልና ካብ ሓጢኣትን ፡ ወልፍን ንላቀቕ ። ጥዕናን ብሰባት ከኣ ክብሪ ንረክብ ። እዚ ንርእስና ጠቃሚ ዝኾነ እናኸበርና ንኽንሓልፍ ዝረድኣናን ኢዩ ። ንዕኡ መምህር ምግባር ግን ንብዙሓት ጭንቂ ኢዩ ፡ ምኽንያቱ ብዘርኢየና ናይ ሂወት ጎደና ክንከተሎ ይሓተና ኢዩ ። ማርያም መግደላዊት ብርግጽ ካብ ድሌታን ፈተውታን ንላዕሊ ናይ ጎይትኣ ፍቓድ

ኣብ ሂወታ ስለ ዝተፈጸመ መምህረይ በለቶ ። ክፉእ ነገር ምግዳፍ ንጎይትነቱ ምግዛእ ኢዩ ፡ ፍቃድና ገዲፍና ፍቃዱ ብዝመርሓና መንገዲ ምኽታል ግን ንመምህርነቱ ምግዛእ ኢዩ ።

ናይ መምህር ባህሪ ምስ ንምልከት ናይ ማርያም መግደላዊት ቃል ይርደኣና መምህር ፡-

1 . ናይ ፍልጠት ኣቦና ኢዩ

2 . ንዘይምፍላጥና ዝሕግዝ ኢዩ

3 . ብዝመርሓና መንገዲ ንኽተሎ ኢዩ

4 . ግዜናን ዕድሜናን ንህቦ ኢዩ

5 . ቕጽዓቱ ብምስጋና ንቕበሎ ኢዩ

6 . ናብ ዝቅጽል ደረጃ ዘሰጋግረና ኢዩ

7 . ብናይ ፍቅሪ ፍርሓት ንፈርሖ ኢዩ

8 . ዘይንሓፍሮ ርእስና ንገልጸሉ ኢዩ

9 . ዘይንማነቶ ብዝመርሓና መንገዲ ንኽተሎ ኢዩ

10 . ሓጎሱ ሓጎስና ዝኾነ ምፍላጥና እነረጋግጸሉ ኢዩ

ማርያም መግደላዊት “ **ረቡኒ** ” ክትብሎ ከላ ፡ ዝፈልጦ ፍልጠተይ ፡ ዕድመይ ዘገንዘበኒ ፡ ኣረኣእያይ ዘለወጠኒ ፡ ምስ ዘፈጽም ቃልካ ናባይ ዝመጻእካ ፡ ዝለወጥካኒ መምህረይ ማለታ ኢያ ። ንሂወት ሓደ ኢለ ዝቆጸርክሉ ፡ ምስ ምንባርን ሃገርን ሰባትን ፡ ንኽሰማማዕ ዘለማመድካኒ ብርሃነይ ንስኻ ኢኻ ማለታ’ዩ ። ዉድቀተይን ንዘይቅበሎ መንነተይን ፡ ብትዕግስቲ ብናይ ፍቅሪ ቃላት ዝቀየርካለይ ፡ ካብ ውድቀታ ትመሃር ኢልካ ዘይገደፍካኒ ኣቦይ ንስኻ ኢኻ ማለታ ኢዩ ። ብቅኑዕ መንገዲ ትመርሓኒ ናይ ፍጻሜይ ኣምላኽ ንስኻ ኢኻ ማለታ ኢዩ ። ሂወትካ ንዓይ ዝሃብካ ፡ ንኽብርኻ ዘይበቕዕ ክንሰይ ምሳይ ዝኾንካ ፡ ከም እንደገና ፈጢርካ ኣብ ትሕቲ እግርኻ ዘቀመጥካኒ ስለ ርእሰይ ስለ ዕድለይ ስለ ጉድኣተይ ካብ ምብካይ ንስለ ፍቅርኻ ናይ ክብሪ ምብካይ ዘብቃዕካኒ ንስኻ ኢኻ ማለታ ኢዩ ። ንዘይምፍላጠይ ሓጊዙ ኣነ ዘድልዮም ንዘይፈልጡን ንዝሰሓቱን ኢዩ ኢልካ ርእስኻ ብፍቅሪ ዝኣሰርካ ፡ ቃልካ ከተኽብር ንስለይ ዝተዋረድካ መምህረይ ኢኻ ማለታ ኢዩ ። ንዘምፍላጠይ ዝሓገዝካኒ ፡ ብዙሕ ዘመን ዝተዓገስካኒ ፡ ክሳብ ዝዓብን ዝልወጥን ኣባይ ተስፋ ዝገበርካ ፡ ንዓይ ንጥፍእቲ ብቃልካን ብተኣምር ኢድካን ብናይ መስቀል ሞትካን ዝደለኻኒ መምህረይ ንስኻ ኢኻ ማለታ ኢዩ ።

ኢድካ ዘይኮነስ ርእስኻ ዝሃብካኒ ፡ ንሂወትካ መኣዛ ዘለዎ መስዋእቲ ጌርካ ዝቐረብካለይ ንስኻ ኢኻ ማለታ ኢዩ ። ናብራኻን ሂወትካን ንዓይ ዝገለጽካ ኣብ መንጎይን ሞንጎኻን ዘሎ ቅድስና ከም ሰማይን ምድርን ወላ እንተ ተረሓሓቐ ንዒቕካ ዘይሓለፍካ ። ናይ ሰብ መንነት ዘይገርመካ ንዝፈረሰ ባህሪኡ ክምልኣሉ ኢየ ትብል መምህረይ ንስኻ ኢኻ ማለታ ኢዩ ። ብምንባርካ ዝማረኽካኒ ብጸጋኻ ዘንበርካኒ ፡ ካብ ዝረቐቐ መኣድኻ ዘሳተፍካኒ መምህረይ ንስኻ ኢኻ ማለታ ኢዩ ። ንዘይምፍላጠይ ከም ትማሊ ሓሊፉ ኢዩ ኢልካ ዘሕለፍካለይ ፡ ናተይ ሓጥያተይን ናትካ ምድሓንን ዝገለጽካለይ መምህረይ ንስኻ ኢኻ ማለታ ኢዩ ።

ብናተይ ምስተውዓል ተደጊፈ ንኽኽተለካ ዘይኮነስ ፡ ተኽተለኒ ክብል ዝነብር ዝነበርኩ ዝተታለለት ፍጡርካ ኢየ ። ሕጂ ግን ናትካ ፍልጠት ዋሕሰይ ኢዩ'ሞ መንነተይ ሒዘ ቀሪበ ኣለኹ ማለታ ኢዩ ። ይፈልጥ ኢየ ማለተይ ናይ ዘይምፍላጠይ ውጽኢት ምኺኑ ፡ ናተይ ውሕስነት ኣብ ቅድሚ ናይ ዘልኣለም ጥበብካ ተራኢዩኒ ኢዩ'ሞ ናይ ጠቢባን ጠቢብ ንሂወተይ ብዘይ ብኣኻ ምምራሕ ካብ ሕጂ ኣይደፍርን ኢየ ማለታ ኢዩ ። ድርቅና ድንቁርና ምኺኑ ተገንዚበ ኣለኹ ንስኻ ዝኸልከልካዮ ነገር ጽቡቕ ነገር ከምዘይብሉ ኣሚነ " **ንምንታይ ?** " ከይበልኩ ክቕበለካ ፡ " **ናበይ ?** " ከይበልኩ ክኽተለካ (ክስዕበካ) ወሲነ ኣለኹ ማለታ ኢዩ ።

ንዓና ኸ ኢየሱስ ክርስቶስ መምህርካ ዲዩ ?

ንዕኡ መምህር እንተ ጌርናዮ ፡-

ከነኽብሮ ኢና

ኣኽብሮት ፡ ካብ ቃል ዝሓለፈ ብተግባር ዝግለጽ ኢዩ ። ኣኽብሮት ፡ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ዝግበር ክሳድካ ምትሓት ኣይኮነን ። ኣኽብሮት ፡ ሂወት ምሃብ ኢዩ ። ንሱ ባዕሉ ብቓሉ " እዚ ህዝቢ እዚ ብኸናፍሩ የኽብረኒ ልቡ ግና ካባይ ርሑቕ ኢዩ ፡ ትምህርቲ ትእዛዛት ሰብ እናመሃሩ ንኸንቱ የምልኹኒ " ማቴ.15፥8-9 በለ ። ኣኽብሮት ካብ ኣፍ ዝሓልፍ ተኣማንነት ኢዩ ። ኣኽብሮት ካብ ደጋዊ ስርዓት ዝሓልፍ ብሓቂ ምግዛእ ኢዩ ። ኣኽብሮት ካብ ምርኣይ ዝዓሞቐ እናኽበርካዮ ምንባር ኢዩ ። ንሕናኸ ነኽብሮ ዲና ? ንሰምዖ እንታይ ኢዩ ? ንሓጢኣት ካብ ዝሞተሉ መዓልቲ ሓጢኣት ንከይነግስ ዶ ኣይኮነን ? " ናይ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ በዓል ትንሳኤ ምኽንያት ብምግባር ዝተዳለወ ለይታዊ ትልሂት ሙዚቃ ፡ ድግስ እናተባህለ ክንገር ክንሓዝንን ክንበክን ይግብኣና ። ንሱ ስለ ሓጢኣትና ሞይቱ ማለት ንሓጥያትና ከርሕቐ ሞይቱ ማለት ኢዩ ንሕና ግን ምትንሳእና ብሓጢኣት ከነኽብሮ ፡ ብናቱ ስም ንሰይጣን ከነመስግኖ ፡ ብምንታይ ከምእነኽብሮ ዘይምፍላጥና ኢዩ ።

ምስ ድኻምና ክንቀርቦ ኢና

ብዙሓት ሰባት ናብ ክርስቶስ ክመጹ ዝደልዩ ርእሶም ለዊጦም ፡ ቅኑዓት ሰባት ምስ ኮኑ ኢዩ ። << ከምዚ ኮይነ'ሞ ንዕኡ ከምልኽ ላይደልን ፡ ርእሰይ ብትክክል ኣመሓይሸ ብሓቂ ከምልኾ ይደሊ ላለኹ >> ይብሉ ። ግናኸ ሰብ ንርእሱ ክልውጥ እንተ ዝኽእል ኔሩ ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሓጢኣት ዘድሕን ኮይኑ ናብዚ ዓለም ምምጻእ ኣይመድለዮን ኔሩ ። ሰብ ንርእሱ ክልውጥ እንተ ዝኽእል ናይ ርእሱ መድሓኒ (ኣምላኽ) ምኾነ ኔሩ ። ዝልውጠና ግን ንሱ ባዕሉ ጎይታ ኢዩ ። ስለዚ ናብኡ ምስ ሰኽምና ክንመጽእ ዓደመና ማቴ.11፡28 ። " መንነተይ ፡ ዘይተቐብአ መልክዐይ እዚ'ዩ ፡ ጎይታየ ተቐበለኒ ፡ ንመንነተይ ኣሊኻ መንነትካ ኣልብሰኒ ። ኣነ ርእሰይ ክልውጥ ኣይከኣልኩን ንስኻ ለውጠኒ " ኢልና ናብኡ ምምጻእ የድልየና ። ንሱ ባዕሉ ብቻሉ ፡ ናትናን ናቱን ምቅርራብ ብጉንድን ጨንፈርን ጌሩ መሰሎ ፡ ጨንፈር ክፈሪ ዝኽእል ኣብ ጉንዲ ክሳብ ዘሎ ጥራይ ኢዩ እምበር ብባዕሉ ክፈሪ ከምዘይክእል ድሕሪ ምግላጹ ፡- << ብጀካይ ሓንቲ እኳ ክትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም እሞ እቲ ኣባይ ዝጸንዕ ኣነ ውን ኣብኡ ፡ ንሱ ኢዩ እቲ ብዙሕ ፍረ ዝፈሪ ዮሃ.15፡5 ይብል ።

ንኢየሱስ ክርስቶስ መምህር ምስንገብሮ ሓዚና ከምዘይ ሓዘና ፡ እናደኽምና ከም ዝበርታዕና ኮይና ኣይንቐርቦን ኢና ። ናትና ጉዳይ ክሳብ ሞት ስለ ዘብጽሖ ፡ ድኻምና ኣይገርሞን ኢዩ እሞ ብናይ ፍቐሪ ድፍረት ክንቀርቦ ኣለና እብ.4፡ 14-16 ። ዝተበላሸወ ንብረት ንበዓል ሞያ ምስንህቦ << ጸጊንካ ተጠቀመሉ ንዓይስ ኣይጠቕመንን >> ኢልና ኢና ንህቦ ። ንበዓል ሞያ ክርስቶስ ከኣ መንነተይ ጸጊንካ ተጠቀመሉ ኢልና ንሃቦ ፡ ኣብ ኢድ ሰራሒ መሬት ዘሎ ንብረት እንተ ተበላሸወ ኣብ ኢዱ ስለ ዝኾነ ከም እንደገና ተሰሪሑ ጽቡቕ ኣቕሓ ክኸውን ዕድል ይረክብ ። ኣነ ከኣ ዝተበላሸኹ ንብረት ኢየ'ሞ እንደገና ስርሓኒ ። ንኽብርኻ ዘይቀውም ሰባር ኢየ'ሞ እንደገና ስርሓኒ >> ክንብሎ ይግባእ ኤር. 18፡1-6 ።

ብእምነት ክንክተሎ ኢና

ህጻን ቆልዓ ንወለዱ ዝኽተሎም << **ናበይ** >> ከይበለ ኢዩ ። ናይ ወለዱ መገሻ ኩሉ ንዕኡ ጠቓሚ ምኳኑ ኣይጠራጠርን ኢዩ ። ጻድቃን ንእግዚኣብሄር ዝሰዓቡ ከም ህጻን ብእምነት ኢዮም ኣብርሃም ፡- << ናብቲ ኣነ ዘርእየካ ምድሪ ውጻእ >> ዘፍ.12፡1 ምስ በሎ ናይቲ ምድሪ ኣድራሻ ፡ ሕብሪ ናይቲ ምድሪ ፡ ኩነታት ኣየሩ ፡ ኣብኡ ምስከደ ዝረኽቦ ነገር ኣየስገኦን ። ሰብዓን ሓሙሽተን ዓመት ካብ ዝነበረሉ ካራን ምድሪ ብእምነት ወጸ ። ናብ ዝረኣዮ ምድሪ ዘይኮነስ ናብ ዝተረኣየሉ ምድሪ ወጸ ። እግዚኣብሄር ዝሓዞ ውጽኢቱ እንታይ ይኸውን ? ኢሉ ኣይተጨነቐን ። ዝተጨነቐ ንምእዛዝ ኢዩ ። እምነት ማለት ውጽኢቱ እንታይ ምኳኑ ከየተሓሳሰበና

ንእግዚኣብሄር ምእዛዝ ኢዩ ። ንኢየሱስ ክርስቶስ መምህርና ምስ ንገብሮ ድማ ናብ ዝመርሓና መንገዲ ኩሉ ንኽተሎ ።

ግዜና ክንህቦ ኢና

ተመሃራይ ምስ ወለዱ ካብ ዘሕልፎ ምሉእ ግዜ ፡ ምስ መምህሩ ዘሕልፎ ግዜ ይበልጽ ። ንመምህሩ ዘይዕንቅፍ ግዜ ኣለዎ ። ንኢየሱስ ክርስቶስ መምህርና ምስ ንገብሮ ከኣ በጋጣሚ ዘይኮነስ ብቆጸራ ግዜ ንረኽቦ ። ንዕኡ ዝመደብናዮ ግዜ ናይ ንጉስ ቆጸራ ከም ምኽኑ መጠን ንማንም ኣይንህቦን ። ንእግዚኣብሄር ሂወትናን ፡ ግዜናን ፡ ገንዘብናን ክንህቦ ይግብኣና ። ካብዞም ነገራት ብቐሊሉ ንገድፎም የብልናን ። ቅድሚ ኩሉ ንሂወትና ምሃብ ይግብኣና ፡ ብድሕሪ እዚ ግዜናን ገንዘብናን ምሃብ ይግብኣና ። ብዝኾነ መንገዲ ሓደ ናይቲ ሓደ መተካእታ ክኸውን ኣይክእልን ። ገንዘብ ን ኣገልግሎት ፡ ኣገልግሎት ን ሂወት መተካእታ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ ። ብዙሓት ግዚኦም ክህቡ ኣይደልዩን ፡ ስለዚ ገንዘቦም ብርሑቕ ኮይኖም ይሰዱ ፡ ካልኦት ውን ግዚኦም ሂቦም እናገልገሉ ሂወቶም ግን ኣይህቡን ።

ኣገልግሎት ዝበሃል ግዜኻ ንእግዚኣብሄር ምሃብ ኢዩ ። ንኢየሱስ ክርስቶስ መምህርና ምስ ንገብሮ ንግዜና ኢና ንስውኣሉ ። ሎሚ ክርስቶስ ዝኸብር ብሰማእትነት ዘይኮነስ ግዜኻ ብምሃብ ኢዩ ። ንሱ ናይ ሞት ሰማእትነት ካብ ምቕባል ዕለት ዕለት ህያው መንነትና መስዋእቲ ክንገብረሉ ይደሊ ። ጳውሎስ ሃዋርያ ፡- << እምበኣርሲ ፡ ኣሕዋተየ ፡ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዘብልን መስዋእቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ ፡ ብምሕረት ኣምላኽ እምዕደኩም ኣለኹ ፡ እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም ኢዩ >> ሮሜ.12፡1 ይብል ።

ንተግሳጹ ክነኽብሮ ኢና

ዝመክር ፡ ዝግስጽ ፡ ዝቐጽዕ ናትና ጽቡቕ ካባና ንላዕሊ ዝፈልጥ ኢዩ ። ቆልዕነትን ናይ ቆልዓ ኣተሓሳስባን ተግሳጽ ይጸልእ ። ተግሳጽ ግን የቕንዓካ ኢዩ ። ናብ ጉድጓድ ከይትኣቱ ወይ ኣቲኻ ኣብኡ ከይትተርፍ ዓይንኻ የብርህ ። ኣብዚ ዓለም ብስልጣን ካብ ዝግስጹ ኣካላት ካብ ወለዲ ሓሊፎም መምሃራን ኢዮም ። ናዕና ዘይተረኣየና ንመምህር ይረኣዮ ኢዩ እሞ ንተግሳጹ ብሓጎስ ንቀበሎ ። ንጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ከም መምህር ምስ እንኣምኖ ንተግሳጹ ብሓጎስ ንቕበሎ። ንሱ የስተምህረና ካብዚ ሓሊፉ ውን ይግስጸና ። ንተግሳጹ ኣይቅበልን ምስ እንብል ብስልጣኑ ይቐጽዓና ። መምህርነቱ እንተ ተረዲእና ፡- << ጎይታየ ፡ ንድሌተይ ኣይትግደፈኒ ፡ እምቢ ወላ እንተበልኩ ከማን ቀጺዕካ ምለሰኒ >> ንብሎ ። ቅጽዓት ንቁልዕነት ኣተሓሳስባ መሪር ኢዩ ፡ ምስ ዓበና ግን ርእስና ንረኽበሉ ጽቡቕ ምርጫ ቅጽዓት ንወስድ ። ብዙሕ ግዜ ፡ << እዞም ወለደይ ጨኪኖም እንተ ዘይቀጽዑኒ ኔሮም ፡ ነዚ

ኣይምበቓዕኩን ኔረ ፡ ጠፊአ ምተረፍኩ ኔረ >> ንብል ። ቅጽዓት ንዕቤት ኣድላዩ ምኽኑ ስለ ዝተረድኣና ኢዩ ።

ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ፡- ወደየ እግዚኣብሄር ፡ ነቲ ዘፍቅሮ ይቐጽዖ ኢዩ'ሞ ነቲ ዝቐበሎ ዘበለ ውሉድ ውን ይገርፎ ፡ ስለዚ ቅጽዓት ጎይታ ኣይትንዓቕ እብ.12፡5-11 ይብል ።

ክንዓቢ ንደሊ ኢና

ክርስትና ከም ዝዓቆረ ማይ ዝስብብ ዘይኮነስ ከም ወሓዚ ማይ ብርታዐኡ እንዳ ሓደረ ዝውስኽ ኢዩ ሂወት ኢዩ ። ኣብ ውሽጢ ሂወት ዘየቋርጽ ዕብየት ኣሎ ። ኣብ ክርስትና ብጸጋ ፡ ብኣገልግሎት ፡ ብቐድስና ፡ ብእምነት ንዓቢ ። ዕብየት ክንብል ከለና ግን ከም ስራሕ ምዕባለ ማለት ናይ ደረጃ ዘመልክት ዘይኮነስ ንዝተወሃብናዮ ዕላማ ንርእስና ኣኣብ ዕለቱ ብምዉፋይ ብጽፈትን ብዝለዓለ ምግላጽን ኢዩ ። ንዕብየት ካብ ዝርድኡ ወገናት መጀመርታ መምህር ኢዩ ። ካባና ዝጽበዮ ድማ ድልየት ኢዩ ። ንጎይታና ከም መምህርና ምስ ንርእዮ ንኸዕብየና ንልምኖ ። ንሱ ናይ ዝጸምኡ ኣምላኽ ኢዩ ። ንሕና ብጸጋ ዓጊብና ኣብ ቅድሚኡ ናፍቕትና ክርኢ ይደሊ ። ባዕሉ ዓዉ ብዝበለ ቃል ፡- << ዝጸምአ እንተሎ ፡ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ ። ብኣይ ዝኣምን ፡ እቲ ጽሑፍ ከም ዝበለ ፡ ካብ ከብዱ ርባታት ማይ ሂወት ክውሕዝ ኢዩ >> ዮሃ.7፡37-38 በለ ።

ብፍቅሪ ክንፈርሖ ኢና

ፍርሓት ጥራይ ኣየቕርብን ፡ ፍቕሪ ጥራይ ከኣ ተኣማኒ ኣይገብርን ፡ ሓቀኛ ፍቕሪ ግን ቅዱስ ፍርሓትን ቅዱስ ምስትብሃልን ኣለዎ ። ፍቕሪ ዝፈትዎን ዓርኩ ምስኣን ኣይፈቱን ። ቅዱስ ፍርሓትን ከኣ ምስትብሃልን ኣለዎ ። ንኢየሱስ ክርስቶስ ከም መምህርና ምስ ንርእዮ ብቕዱስ ፍርሓት ንፈርሖ ። ንዕኡ ከይንሕዝን ንጥንቀቕ። ካብ ሕጊ ንላዕሊ ፍቅሪ ቅዱሳን ይገብረና ሮሜ.13፡8-10 ።

ኣብ ቅድሚኡ ዕርቃና ክነዉጽእ ኢና

ተማሃራይ መምህረይ ብዘይ ምፍላጠይ ኣይዕዘበንን ኢዩ ኢሉ ይኣምን ። መምህሩ ከኣ ከም ኣቦኡ ክቕርቦ ንመንነቱ ኩሉ የዕልሎ ። ይፈትዎ እምበር ኣይሓፍሮን ። ፍቕሪ ንዝፈቱ ዕርቃኑ ተውጽእ ። ንኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ **ረቡና** (መምህርና) ክኸውን ከይሓፈርና ርእስና ንግለጸሉ ። መንነትና ፡ ድኻምና ፡ ነውርና ፡ ሰብ ሰሚዕዎ ንዘይስከሞ ጉድ ኩሉ ነዕልሎ ። ኣብ ኣደባባይ ናይ ብርቱዓት ፈላጣት ምሳሌ ኮይና እኳ እንተ ተጠቕስና ፡ ንርእስና ንፈልጠሉ ፍልጠት ግን ድኻምና ኢዩ ። ነዚ ንኽፈልጥ ንፈቕደሉ ንክርስቶስ ጥራይ ኢዩ ። ንሱ ኣይዕዘቦን ኢዩ እንብሎ ናይ ሂወት

ክፋል ኣይህልወናን ። ንኹሉ ነገራትና ሰማዒ ጥራይ ዘይኮነስ ወሳኒ ጎይታና ኢዩ ። እዚ ኩሉ ክንገብር ንኽእል ግን ንዕኡ ከም ማርያም መግደላዊት << **ረቡኒ** >> ምስ ንብሎ ጥራይ ኢዩ ።

ክንስዕቦ ኢና

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ፈላጣት ፈላጥ ፡ ጥበቡ ዘይብጻሕ ፡ ተግባሩ ዘይምርመር ፍሉይ ኣምላኽ ኢዩ ። ንሱ ንሕና ንዘይንኽእሎ ናይ ትማሊ ጌጋ ከስተኻኽል ዝኽእል ፡ ንሕና ንዘይንፈልጦ ጽባሕ ዝርእየልና ኣምላኽ ኢዩ ። ንሱ ካብ ዝኸልከለና ነገር ጽቡቕ ምጽባይ ዕሸነት ኢዩ ። ንሱ ካብ ዝኣዘዘና ነገር ንግዚኡ ዓወቱ ዘይርእ ፡ ውሕስነትና ዝተሓለወ ፡ ፍጻሜኡ ዘደንቕ ኢዩ ። ንዕኡ መምህርና ምስ እንገብሮ ብዝመርሓና መንገዲ ንስዕቦ እምበር ኣይንማነቶን ።

ናይ ፍልጠትና መረጋገጺ ክንገብሮ ኢና

ፍልጠት ርግጸኛ ዝኾነሉ መምህር ምስ ዘረጋግጾ ኢዩ ። ርግጸኛ ዘይኮነ ፍልጠት ድፍረት ኣይህብን ። ናብ ካልኦት ምስ ዘመሓላልፍዎ ከኣ ሓደጋ ክኸውን ይኽእል ። ስለዚ ናይ ፍልጠት መረጋገጺ መምህር ኢዩ ። መምህር ፡ ይፍትን ፡ ውጽኢት ይህብ ፡ የትርፍ ፡ የሕልፍ ፡ የድግም ፡ ነዚኦም ከይፈተነ ዕብየት ጥራይ ዝደሊ ግን ኽፈልጥ ዘይደሊ ተማሃራይ እንተ ኮይኑ ግን ክምህሮ ኣይጥዕሞን ኢዩ ። ብፍልጠት ምዕባይ ግን ካብ ባዶ ዕቤት ዝበለጸ ኢዩ ። ንኢየሱስ ክርስቶስ መምህርና ምስ ንገብሮ ፡ ንገንዘብና ፡ ፍልጠትና ምስ ቃሉን ፍቓዱን ኣንጻር ኣይንገብሮን ። ንሱ ዘይብሉ ኩሉ ነገር ሬሳ ከም ምስካም ንቕጽሮ ። መምርሒ እናሓተትና ፡ ኩሉ ነገር ከም ቃሉ ምኽኑን እንዳረጋገጽና ንነዓዝ እዚ ኣብ ሂወት ዓቢ ድፍረት ዝህበና ንኻልኦት ከኣ በረኸት ኽንከውን ይገብረና ።

ሓጎሱ ሓጎስና ኢዩ

ምፍላጥናን ጽቡቕ ውጽኢትናን ልዕሊ ማንም ንመምህር የሐጉሶ ። ናይቲ መምህር ሓጎስ ምስ ንርኢ ንሕና ከኣ ብሓጎስ ንፍንጫሕ ። ሓጎሱ ሓጎስና ስለ ዝኾነ ። ኢየሱስ ክርስቶስ መምህርና ክኸውን << **ረቡኒ** >> ምስ ንብሎ ሓጎሱ ሓጎስና ይኸውን ። ሓጎሱ ከኣ ሓይልና ኢዩ ። ንዓና ኸ **“ረቡኒ”** ድዩ ?

ሓቀኛ መምህር ንሱ ኢዩ ። ንሱ ባዕሉ ብቓሉ ፡- << ንስኻትኩም ግን መምህርኩም ሓደ ኢዩ እሞ መማህራን ኣይትበሃሉ ፡ ንስኻትኩምሲ ኩላትኩም ኣሕዋት ኢኹም ። ኣብ ሰማይ ሓደ ኣቦ ስለ ዘለኩም ፡ ኣብ ምድሪ ንሓደ እኳ ኣቦ ኢልኩም ኣይትጸውዑ ። መራሒኹም ሓደ ክርስቶስ ኢዩ እሞ ንስኻትኩምሲ መራሕቲ ኣይትበሃሉ ። >> ማቴ. 23፡8-10 በለ።

ማርያም መግደላዊት ብስማ ምስ ጸውዓ ፈለጠቶ ። በዚ ምኡዝ ፡ ናይ ፍቐሪ ቃና ንሱ እንተ ዘይኮይኑ ማንም ከምዘይጽውዓ ፈሊጣ **“ረቡኒ”** በለቶ ። ናቱ ኣጸዋውዕኡ ፡ ኣወሃህብኡ ዝተፈልየ ኢዩ ። ብስምና ዝፈልጠና ንጉስና ንሱ ጥራይ ኢዩ ። ናይ’ዚ ዓለም ነገስታት ቁጽሪ ህዝቦም ብጅምላ እዮም ዝፈልጥዎም ። ብስም ግን ፈልዮም ኣይፈጥዎምን ። ንሱ ግን ንነፍሲ ወከፍና ብስምና ይጽውዓና ኢሳ.43፡1 ። ጎይትነቱ ፡ መምህርንነቱ ፡ ንግስነቱ ኩሉ ንልቢ የዕርፍ ክብርን ምስጋናን ንዕኡ ይኹን ኣሜን ።

ዘይትፋነዎ ጎይታ

ማርያም መግደላዊት ብብዙሕ ንብዓት ዝረኸበቶ ጎይታ ሕጂ ውን ከይጸገበቶ ዝፍለያ መሰላ ። ንሞቱ ዘምጽኣቶ ሽቱ ንህያውነቱ ስለ ዘይበቅዕ ናይ ምውታን መስዋእቲ ደርብያ ብሂወታ ከተኽብሮ ኣብ ቅድሚ ህልውናኡ ቆመት ። ንህያውነቱ ዝግባእ ናይ ዓወት ፡ ንስልጣኑ ከኣ ምስጋናን ስግደትን ከተቅርብ ሓሲባ ፡ ሰጊዳ ክትሳናበቶ ደለየት ። ንሱ ግን ከም ኣልኣዛር እንደገና ክመውት ዘይኮነስ ናይ ትንሳኤኡ ብርሃን እንዳገነነ ክነብር ኢዩ ። ንዕኡ ቅድሚ ሞቱ ብኣካል ትረኽቦ ነበረት ። ሕጂ ግን ብመንፈስ ረኽበቶ ። ንሱ ካብ ምድሪ ክሳብ ሰማይ ምሉእ ኢዩ ። ቅድሚ ሞቱ ናይ ድኻምን ናይ መስቀል ሰብ ኮይኑ ይርእ ነበረ ። ድሕሪ ትንሳኤኡ ግን ብሓይልን ንመስቀል ስዒሩ ይረእ ። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ንሱ ዘይትሰናበቶ ጎይታ ኢዩ ። ማንም ተሰናቢትዎ ዘይፈልጥ ዘለኣለማዊ ኣፍቃሪ ኢዩ ፡ ንምስንባት ዝመጽእዎ ዘይቅበል ኢዩ ።

ዮሃንስ ወንጌል ክጽሕፍ ከሎ ፡- << ጌና ናብ ኣቦይ ስለ ዘይዓረግኩ ኣይትተንክይኒ >> ከም ዝበለ ጽሓፈልና ዮሃ. 20፡17 ። ናይ ትንሳኤኡ ብርሃን ኣይጽልምትን ፡ ናይ ትንሳኤኡ ብርታዐ ኣይደክምን ። ትንሳኤኡ ዕርገት ዝኽተሎ ምኽኑ ገለጸላን ንምስንባታ ከኣ ኣይተቐበለቶን ። ርሑቕ ሃገር ንዝኸዱ ሰባት ፡ እወ ንዝሞቱ ሰባት ዝግበር ዓይነት ምፍናው ጎይታ ኣይተቀበሎን ። ትንሳኤ ናብ ሞት ዘይኮነስ ናብ ዕርገት ዝቐየር ኢዩ ። ኣብ ኢየሩሳሌም ዝሞተ ክርስቶስ ፡ ናይ ዓለም ጎይታ ኮይኑ ዝስበኽሉ ግዜ በጽሐ ። ኣብ ናቱ ግዝኣት ጸሓይ ኣይትጠልቕን (ኣይትኣቱን) እያ እሞ ማንም ክሰናበቶ ኣየድልዮን ። ኣብ ኢየሩሳሌም ዝነበረ ሕጂ ግን ኣብ ልብና ይነብር ፡ ኣብ ዘይርእ ሃገር ኮይኑ ንዝርእ ዓለም ይገዝእ ። ብመንፈሱ ንፍጥረቱ ይረክብ ፡ ንሓቂ ከምተብርህ ይገብራ ፡ ፍትሒ ንዝጸምኡ ይብይነሎም ። ሰላም ንዝረሓቕም ከኣ ንሰላም የቕርበሎም ። ንሱ ማንም ተሰናቢትዎ (ተፋንይዎ) ኣይፈልጥን ። ገዲፍካዮ ምኻድ ኣይከኣልን ። ዘይርከብ ልዑል ስለዝኾነ። ኣባ ህርያቆስ ከምዚ ኢሉ ወደሶ ፡-

<< ዘይድፈር ግሩም ኢዩ ፡ ብኣና ግና ትሑት ኢዩ ።

ዘይርከብ ልዑል ኢዩ ፡ ብኣና ግን መልክዕ ባርያ ወሰደ።

ዘይትንከፍ ሓዊ ኢዩ ፡ ንሕና ግና ረኣናዮን ዳህሰስናዮን

ምስኡ ከኣ በላዕናን ሰቴናን >> (ቅዳሴ ማርያም ቁጽሪ 88)።

ኣሕዋተይ

ብምቕጻል ጎይታና ፡- << ግናኸ ናብ ኣሕዋተይ ኪዲ እሞ ፡ ናብ ኣቦይን ኣቦኹምን ኣምላኸይን ኣምላኽኩምን እድይብ ኣለኹ በልዮም በላ >> ዮሃ.20፡17 ። ንደቂ መዛሙርቱ << **ኣሕዋተየ** >> በሎም ። ቅድሚ ሞቱ <<ኣሕዋተየ>> ኢሉ ተዛሪቡ ኣይፈልጥን ። ንመጀመርታ ግዜ ዝተዛረቦም ሕጂ ድሕሪ ትንሳኤኡ ኢዩ ። ንሱ ኣብ መስቀል ዝሞተ ነቲ ዝሰኣናዮ ውልድነት መሊሱ ፡ ናብ መንግስቲ ኣቡኡ ክመልሶ ኢዩ ። መስዋእቱ እግዚኣብሄር ኣብ (ኣቦ) ስለ ዝሰመሮ ፡ ከም ደቁ ዉን ስለ ዝተቐበለና << **ኣሕዋተየ** >> ብምባል ተዛረበ ። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ፡- << ኣሕዋተየ ኢሉ ክጽውዖም ኣይሓፍርን >> እብ.2፡12 ኢሉ ብምዝራቡ ነዚ ኢዩ ። ንሱ ከማን ብኣና ዘይሓፈረስ ንሕና ደኣ ከመይ ኢልና ብእኡ ክንሓፍር ?

ብምቕጻል ጎይታ ፡- << ኣነ ናብ ኣቦይን ኣቦኹምን ናብ ኣምላኸይን ኣምላኽኩምን ይዓርግ ኣለኹ ኢልኪ ንገርዮም በላ >> ዮሃ.20፡17 እዚ ኣገላልጻ መለኮት ምስ ሰብነት ብሓደ ኣብ ኣካል ክርስቶስ ተወሃሂዶም ከም ዘለዉ ንዘልኣለም ከኣ ከምኡ ኢሎም ዝነብሩ ምኳኖም ዝገልጽ ኢዩ ። ቅድሚ ሞቱ ሰብን ኣምላኽን ኮይኑ ብተዋህዶ ከም ዝተገልጸ ፡ ድሕሪ ሞቱ ውን ሰብን ኣምላኽን ኮይኑ ዘልኣለማዊ ብተዋህዶ ይነብር ። ንሱ ናብዚ ምድሪ ምስ መጸ ናይ ስላሴ ኣካል ካብ ሰለስተ ናብ ክልተ ኣይነደለን ፡ ናብ ሰማይ ምስ ዓረገ ውን ናብ ኣርባዕተ ኣይወሰኽን ። ምንታቄ (ካልኣይን) ርባዔ (ራብዓይን) ብዘይብሉ ደረጃ ብሰለስትነት ንዘልኣለም ይነብር። <<ኣቦይ>> ዝበለ እግዚኣብሄር ኣብ ንዕኡ ናይ ባህሪ ኣቡኡ እዩ ። ንዕና ግን ናይ ጸጋ ኣቦና ኢዩ ። ናቱ ውልድነት ዝተፈልየ ስለዝኾነ ፈልዩ ኣቦይ በለ ዮሃ.5፡18 ። ኣቦይ ብምባሉ ከኣ ምስ ኣብኡ (ኣቦ) ናይ መለኮት ክብሪ ተኻፋሊ ምኳኑ ይገልጽ ። ድሕሪ ትንሳኤኡ ዘሎ ኣምላኽነቱ ጥራይ ኢዩ ፡ ሰብነቱ ገዲፉዎ ተንሲኡ ከይንብል **<<ኣምላኸይ>>** በለ ። ንዝለበሶ ስጋ ኣብ (ኣቦ) ስለ ዝፈጠሮ ከምኡ ዉን ባዕሉ ወልድ ዝለበሶ ስጋ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ <<**ኣምላኸይ**>> በለ ። ናይ ክርስቶስ ተዋህዶ ዘልኣለማዊ ኢዩ ። ሰብነቱን ኣምላኽነቱን ናይ ክርስቶስ ኣካል ብሓደ ኮይኑ ምንባሩ ንሕና ከኣ ምስ እግዚኣብሄር ዘለና ሕብረት ዘልኣለማዊ ምኳኑ የበስር ።

ዮሃንስ መዝገቡ ክድህስስ ከሎ ፡- << ማርያም መግደላዊት መጺኣ ንጎይታ ከምዝረኣየቶን እዚ ውን ከምዝበላን ከይዳ ንደቂ መዛሙርቱ ነገረቶም >> ዮሃ.20፡18 ይብል። ቅድሚ ትንሳኤኡ ንዝሰበኹ ናይ ትንሳኤኡ ሰባኽያን ብሓንቲ ታሪኻ ብክርስቶስ ዝተለወጠላ ሰበይቲ ተሰብኩ ። ተሰቢኾም ክሰብኩ ምስ ወጹ ሽሕ ዝኾኑ ብሓደ መዓልቲ ማረኹ ። ንሕናኸ ተሰቢኽና ንምስባኽ ወጺእና ዶ ንኸውን ? ወላ ንኣሸቱ እንተ ኾና ንዝደኸሙ ደቂ መዛሙርቲ (ኣገልገልቲ) ንምብርባር ሓሲብና ዶ ንፈልጥ ? ክርስቶስ ተንሲኡ ኢዩ ኢልና ንምምስካር ድልዋት ዲና ? ንማርያም መግደላዊት ከም ዝገበረላ ንዓና'ኸ ብዓል ውዕለትና ዲዩ ? ዝሓለፈ ዘመን ንድኻምና ፡ ነዚ ዓቢ ፍቕሪ ንኸይንርኢ ዓይንና ዝዓፈነና ዘመን ፡ ሕጂ ንስሓ ኣቲና ንዝተንስአ ጎይታ ምስክር ንኹን ። ጸግኡ ይሓግዘና ! ኣሜን ።

<u>መጠቓለሊ</u>

ብዙሕ ግዜ ካብ ልብና እናማረርና እንዛረቦ ነገር ኣሎ ፡- << ኣነ ከም ሰብ ዓቢ ወይ ብዙሕ ነገር ኣይኮንኩን ዝደሊ ንዓይ ዘድልየኒ ንእሽተይ ነገር ኢዩ ፡ ኣነ ግን ንሱ ዉን የብለይን >> ንብል ። ማርያም መግደላዊት ብዙሕ ነገር ኣይደለየትን ። ናይ ጎይታና ናይ ኢየሱስ ቅዱስ ስጋ ረኺባ ንምስንባት ኢያ ዝደለየቶ ። ንዕኡ ምስ ሰኣነቶ ዓቢ ናይ ልቢ ስምብራት በጽሓ ። ብምጽንዓ ግን ናይ ኢየሱስ ስጋ ዘይኮነስ ብህያውነቱ ተንሲኡ ረኸበቶ ። ንእሽተይ ነገር ደሊና ንስእኖ ዝመስለና ዝበለጸ ነገር ኽንርኢ ንእግዚኣብሄር ፍቃዱ ስለ ዝኾነ ደስ ክብለና ይግባእ ። ንዘይተመነናዮ ህያውነት ዘይተጸበናዮ ክንረክብ ኢና ። ግን ንክርስቶስ ንምድላይ ምጽናዕ የድሊየና ።

ማርያም መግደላዊት ኣመጻጽኣኣ ንሓዘና ገሊጻ ንዘልኣለም ክትሰናበቶ ኢዩ ። ነገር ግን በንጻሩ ዘልኣለማዊ ሓጎስ ገጠማ ። ንኹሉ ሰብ ብዘይኣፈላላይ ዝገዝእ ገዛኢ መን'ዩ ? ምስ እንብል ሓዘን ኢዩ ። ተጎዲአ ፡ ስኢነ ፡ ተስፋይ ባህጊ ጥራሕ ኮይኑ ተሪፉ ኾይኑ እንብለሉ ነናይ ርእስና ሓዘን ኣለና ። ጌና ንብዙሓት ቅድሚ ምሕዛኖም ምንጻፍ ነስተኻኽለሎም ። እንደልዮም ሰባት ከኣ ምሳና ሓቢሮም ክሓዝኑን ከልቅሱን ኢዩ ። ግና'ኸ ካብ ናይ ሓዘን ምኽንያት ናይ ሓጎስ ምኽንያት በዝሐ ። ኢየሱስ ክርስቶስ ተንሲኡ ። ክሳብ ሎሚ ናይ ሓጎስ መሰልና ተጠቂምና ኣይንፈልጥን ። ካብዛ ሰዓት ጀሚርና ግን ክንጥቀመሉ ይግበኣና ። ካብ ዝተጎዳእናዮ ጉድኣት ንላዕሊ ብክርስቶስ ዝረኸብናዮ ድሕነት ይበዝሕ ።

ንዕሩኽትና ግዲ ዘይንብረሎም ናብ ዝኾነ ዘይከዱ ስለ ዝመስለና ኢዩ ። ከምኡ ውን ፡- " ኣስጢሞም ዝኣሰርዎ ኣዛሊቆም ይሰከምዎ " ንብል ። ዝፈትዉና ሰባት ናብ ዝኾነ ዝኸዱ ስለ ዘይመስለና ንፍቕሮም ዋጋ ኣይንህቦን ። ኣብ ዝሰኣናዮም መዓልቲ ብብርቱዕ ንሓዝነሎም ከኣ ነዚ ኢዩ ። ነዞም ከምዚኦም ዝበሉ ፈተውትና ካብ ሞት ተንሲኦም ምስ እንረኽቦም ንደቒቕ ከማን ካብ ጎኖም ኣይንፍለን ፡

ምኽንያቱ ንፈታዊ ድሕሪ ሞት ምርካብ ብርቱዕ ስለ ዝኾነ ። ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ድሕሪ ሞት ዝረኽብናዮ ፈታዊ ስለ ዝኾነ ንደቂቕ ክንፍለዮ ኣይግበኣናን ።

ብዝለዓለ ንዑኡ ከም መምህርና ርኢና ክንክተሎ ፡ ምስ ድኻምና ክንቀርቦ ፡ ብእምነት ክንክተሎ ፡ ንግዜና ክንህቦ ፡ ንተግሳጹ ክንቅበል ፡ ኣዕብየና ክንብሎ ፡ ብፍቕሪ ክንፈርሖ ፡ ኣብ ቅድሚኡ ዕርቃና ክንገልጸሉ ፡ ናይ ፍልጠትና መረጋገጺ ክንብሮ ፡ ሓጎሱ ሓጎስና ክንብሮ ይግበኣና ።

ጸሎት

ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን

ሓደ ኣምላኽ ኣሜን !!

ናይ ህይወት ቃል ዘለካ ልዕሊ መቃብር ዝበርታዕካ ፡ ንዝደልዮኻ እትርከብ ናይ ተስፋ ኣምላኽ ወዲ እግዚኣብሄር ኣመስግነካ ኣለኹ ። ኣነ የድሊየኒ ኢዩ ዝበልክዎ ዝነድኣኒ ፡ ንስኻ ኣየድሊየካን ዝበልካኒ ዝጠቅመኒ ኮይኑ ብዙሕ ዘመን ሪኤ ኣለኹ ። ነብሰይ ምስ ፈለጥኩ ንስኻ ዝኸላእካኒ በረኸት ከም ዝነበረ ኣስተውዒለ ኣለኹ ። ንስኻ ግን ብዘይ ፍልጠት ዘግሮምረምኩዎ ምግሩምራም ብፍቅርን ብርህራሄን ርኢኻ ናብዚ ስለ ዘብጻሕካኒ ኣመስግነካ ኣለኹ ። ዘይትኽሰስ ኣምላኽ ክንስኻ በኣይ ግን ተኸሲስካ ኔርካ ፡ ንድኻን ሰነፍን ኣጽጊብካ ኢኻ ንዘይተማህረን ዓቅሙ ንዘይኮነ ውን ሼምካ ኢኻ ፡ ንገብነኛ ነጻ ለቒቕካዮ ኢኻ ፡ ናትካ ውህብቶ ካብ መንነተይ ንላዕሊ ኮይንኒ እዩ እሞ ተመስገን ። እዚ ኹሉ ውዕለት ተሰኪመ ስቅ ኢለ ኣለኹ እሞ በጃኻ ይቕረ በለለይ ። ስለ ዝሞቱ እንዳ ሓዘንኩ ፡ ኣነ ግን እናነበርኩ ንምስራሕን ንምግልጋልን የማርር ኣለኹ ። ኣነ ብላሽ ኢየ እሞ ብዕልግናይ ኣይትርአ ። ብኣኻ ምዕጋብን ይኣኽለንን ኣለማምደኒ ። ስቃየይ ክበዝሕ ከሎ ስቃይካ ኣዘከረኒ ። ልዕሊ ኹሉ **ረቡኒ** ኢለ ክስዕበካ መኣዛኻ ይጸውዓኒ ። እዋኑ ቀትሪ ኢዮ'ሞ ኣታ ናይ ኣባጊዕ ሓላዊ ክመጻኮ ዶ ትርከበሉ ቦታ ንገረኒ ። ውሽጡን ደጊኡን ዝጸምለወ ኣካለይ ሓደራኻ ኣለኹ በሎ ። መፈጸምታ ዘይብሉ ምስጋና ካብ ልበይ ክሳብ ኣርያም ነዓኻ ይኹን ኣሜን ።

ተፈጸመ!!!